# መነፀርታ ወድዓዊ ገፀ-ኮነት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ትግርኛ [ትኹረት፡- ድሕረ 2010 ዓ.ም.]

*ብርሃነ ኣዲስኣለም ገብረእግዚኣብሄር* [1]

## *ማራ ፅሑፍ*

*ዋና ጠመተ እዚ መፅናዕቲ፣ ድሕሪ 2010 ዓ.ም. ኣብ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ዝተርኣየ ሓፈሻዊ ገፀ-ኮነት ምንፃር እዩ። ቀንዲ ተተኩርቲ መፅናዕቲ ንምሕራይ ክልሰ-ሓሳባዊ መይላ ሕርያ ዝተተግበረ ኰይኑ፣ ብዋናነት ካብ 2010-2015 ዓ.ም. ብዝተፈላለዩ መስርሓት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ [ንኣብነት፡- እዋናዊ ውፅኢታት፣ ታሪኻዊ መፃሕፍቲ፣ ስነ ልሳናዊ ሰሌዳታት፣ ማሕበራዊ ሚድያ (ብዋናነት ምስትያት ፅሕፈት)፣ ወዘተ.] ዝተዘርግሑ ውፅኢታት ብፍሉይ ትኹረት ተመዚዞም ኣካል መፅናዕቲ ተገይሮም። መረዳእታ ብዳህሳስ ሰነዳትን ብተግባራዊ ትዕዝብትን ብምእካብ ሕድሕዳዊ ዝምድና ፀላውን ተፀላውን ባእታታት ንምንፃር ብዝሕግዝ መይላ ጒስዐተ-ልባዊ ትንተና ተሰንዩ ብስፍሓትን ብዕምቈትን ተተንቲኑን፤ በዚ መሰረት፣ እዋናዊ ፖለቲካዊ ኮነት ከም ፀላዊ ባእታ፣ ፅሑፋዊ መንነት ቋንቋ ትግርኛ ድማ ከም ተፀላዊ ባእታ ተራእዮም። ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ፣ ፅሑፋዊ መንነት ቋንቋ ትግርኛ ኣብቲ ዝተነፀረ ዓንኬል ግዜ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ንዝተርኣየ ፖለቲካዊ ኮነት ስዒቡ ብወሰናይነት ምንቕቓሑ ይሕብር። ምስዚ ብምትእስሳር ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝፈረዩ ተግባራዊ መግለፅታት እዚ ዓውዲ ኣዝዮም ብዙሓትን ንዙሓትን ኰይኖም፣ ሓፈሻዊ ባህሪ ዝተፈጠሩሉን ዝተተግበሩሉን እዋን ብዝግባእ ዝሓበሩ ከምኡ እውን መሰረታዊ ባህጊ ፀሓፍቶምን ተደረስቶምን ብዕሊ ዝነፀሩ ህዝባዊ ስራሕቲ እዮም። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ተተኩርቲ ስራሕቲ፣ ብሓደ መዳይ፡- ፀላውነት፣ ነፃነት፣ ንፅረት፣ ዘላቕነት፣ ሓቛፍነት፣ ርዝነት፣ ሓታታይነት፣ ዘቤታውነት፣ ኣንቃሓይነት፣ ወዘተ. ዝብሉ ብእወንታዊ ጐኒ ዝግለፁ ሓለፋታት፣ በቲ ካሊእ ኣንፈት ድማ ብመንፅር ስርዓተ-ፅሕፈት፣ ኮነተ ኣጠቓቕማ ቋንቋ፣ ብፍላይ ስነ-ልሳናዊ ምዕሩይነትን ዓውዳዊ ኣግባብነትን ዝትንተኑ ርኡያት ግድፈታት (ኣሉታዊ መልክዓት) ከምዝንፀባረቑሉም ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ዘረጋግፆ ካሊእ ወድዓዊ ሓቂ እዩ። ከምዚኣቶም ኣብ ዝበሉ ርትዓዊ መደምደምታት ብምትርኣስ፣ ቋንቋ ትግርኛ ካብ ዝጠሓለሉ ዓዘቕቲ ጥፍኣት ብምንጋፍ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ምዕባለ ንምስግጋር በቢ እዋኑ ዝረኣዩ ሕድሕድ ተግባራዊ መግለፅታቱ ብሓፈሻ፣ ብዋናነት ድማ ብዝተፈላለዩ መስርሓት እናፈረዩን እናተሰነዩን ናብ ኣንበብቲ ዝዝርግሑ ፅሑፋዊ ውፅኢታቱ ብሳይንሳዊ መይላታት ብምትንታን መፍትሒ ሓሳባት ዝንፅሩ ምርምራዊ ስራሕቲ ዝስፋሕፍሕሉ ምሁራዊ መስርሕ ንምዝርጋሕ ብዕቱብ ምስራሕ ከምዝግባእ ተኣንፊቱ።*

*ቁልፊ ቃላት ፡- ወድዓዊ ኮነት፣ ወድዓዊ ገፀ-ኮነት፣ ፅሑፋዊ መንነት፣ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ፣ ፖለቲካዊ ተርእዮ፣ ፖለቲካዊ ኮነት።*

[1] Lecturer in TEFL, Dep't of Tigrigna, College of Social Sciences and Languages, Mekelle University, email: berhaneadis1980@gmail.com

## መእተዊ

### ድሕረ-ባይታ መፅናዕቲ

ቋንቋ ብኣዝዩ ተቓራራቢ ኣንፈት ኣሰፋፍራ ወይ እውን ተመሳሳሊ ኵነታት ኣነባብራ ዝግለፁ ኣባላት ሓደ ዓልየት፣ ማሕበረ ሰብ፣ ሕብረተ ሰብ፣ ወዘተ. ከከም ባህሎም ዝግለፁ ሓሳባቶምን ስምዒታቶምን ንምልውዋጥ፣ ትምኒታቶምን ትልምታቶምን ንምስላጥ፣ ኵታስ ነኒ ሕድሕዶም ብምርድዳእ ሽኻሚ ህይወት ንምቕላል ዝፈጥሩዎን ዝትግብሩዎን ሰብኣዊ ፀጋ እዩ። መሰረት ኣፈጣጥራን ኣተገባብራን ቋንቋ ብዋናነት ምስ መበቈል ሰብ ብምትእስሳር ከምዝረኣይ ብዙሓት ተመራመርቲ እዚ ዓውዲ ይስማዕምዑ። ከምዚ ዝኣመሰለ ኵነት፣ ታሪኽ ኣመፃፅኣ ሕድሕድ ቋንቋ ካብ ሱረ መሰረቱ ብምንፃር ምርዳእ ኣዝዩ ከቢድ ተግባር ይገብሮ (እኒ ሆርኒንግ፣ 2006)።
በዚ በለ በቲ፣ ቋንቋ ዝተፈላለዩ መሰረታዊ ዕላማታት ንምዕዋት ዝሕግዙ ብዙሓትን ንዙሓትን ተግባራዊ ረብሓታት ከምዘለዉዎ ምርኣይ ይከኣል። ብቐዳምነት ዝርቋሕ ተግባሩ ምርግጋፅ ሰለጤን ተግባራዊ ተረዳድኦ ምኺኑ ዘይከሓድ ሓቂ ኰይኑ፣ ሓፈሻዊ መንነቱን ወድዓዊ ኣገዳስነቱን በዚ ጥራይ ኣይግለፅን። ቀንዲ ወካሊ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን፣ ባህርን ባህልን፣ ከምኡ እውን ታሪኽን ስርዓትን ተዛረብቱ እውን እዩ። በዚ ምኽንያት፣ ሓፈሻዊ መንነት ቋንቋ ካብ ሰብኣዊ ባህርን ወድዓዊ ባህልን ማሕበረ ሰብ ቋንቋ ተነፂሉ ኣይረኣይን። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ቋንቋ መብዛሕቲኦም ሰብኣዊ ባህርታትን ማሕበረ-ታሪኻዊ መንነታትን ደቂ ሰባት ዝንፀባረቑሉ መሰረታዊ ባእታ ህይወት እዩ። ብምኳኑ እውን፣ ተዛረብቱ ልክዕ ከም ብሌን ዓይኖም ብፍሉይ ትኹረት እንትከናኸኑዎ ይረኣዩ። ይኹን እንበር፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበራዊ ባህጊ ኵሉ ግዜ ብተግባር ይሰምር ማለት ኣይኰነን። ማሕበረ ሰባት ወይ እውን ሕብረተ ሰባት ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ታሪኻውን ወድዓውን ምኽንያታት ምስ ነባር ቋንቋኦምን ካልኦት ተዛመድቲ ትውፊታቶምን ክነፃፀሉ ንዘገድድ ሓደጋ እንትሳጥሑ ምዕዛብ ልሙድ ተርእዮ እዩ። ብሓፂሩ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ምዕራፋት ታሪኽ ብዝተርኣዩ ወድዓዊ ሓደጋታት ተጐኒፎም ዝተዓንቀፉ ጥራይ እንተይኰነ፣ ምሉእ ብምሉእ ጠፊኦም ዝተረፉ ብዙሓት ልሳናት ዓለም ምህላዎም ምርዳእ የድልይ።
ንሓፈሻዊ መንነት ቋንቋ ብኣሉታዊ መልክዕ ብምህሳይ ንሓደጋ ጥፍኣት ዘሳጥሑ ብዙሓት ፀለውቲ ምኽንያታት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ብተዛረብቱ እኹል ትኹረት ዘይምርካብ፣ ኣብ ሉላዊ ዓለም ዝወዳደረሉ ሳይንሳዊ ባይታ ዘይምጥጣሕ፣ ብዝግባእ ብምብያንን ብምትንታንን ዘይምስናድ [ፅሑፋዊ መንነቱ ብቐፃልነት ዝጐልብተሉ ዘላቒ መስርሕ ዘይምዝርጋሕ]፣ በቢ ግዚኡ ዝንጠባጠቡ መሰረታዊ ባእታታቱ ንምዕቃብ ብቐልቢ ዘይምትጋህ፣ ወዘተ. ከም ዋና ይጥቀሱ። ሓደ ቋንቋ በዚኣቶምን ካልኦት መሰል ተርእዮታትን ንዝግለፅ ሓደጋ ህልውና እንትቃላዕ ብፅኑዕ ይሓምም፣ ይዳኸም፣ ይልወጥ፣ ይወሓጥ፣ ከምኡ እውን መሊኡ ይበክትን ይመውትን። ብፍላይ ብመንግስታዊ መዋቕር ዝምራሕ ስርዓታዊ [ትሉምን ዕሉምን] ሃቐነ ጥፍኣት እንተጋጥሞ ናህሪ ሞቱ ብዕፅፊ ተዓፃፊ ይሰልጥ። እቲ ዋና ክፍኣቱ ድማ ተዛረብቱ ኣብ መዋእላዊ ጉዕዝኦም ዘማዕበሉዎም ነባራት ሰብኣዊ ፀጋታትን ትውፊታዊ ሓላፋታትን [ንኣብነት፦ ሓበራዊ መግለፂ፣ ዓውዳዊ ባህሊ፣ ጥንታዊ ታሪኽን ዘቤታዊ ስርዓትን፣ ወዘተ.]፣ ተመላሊኡ ዝጠፍእ ብምኳኑ እዩ።

ብሓፈሻ፣ ንመንነት ቋንቋ ብምትርኣስ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ተሰንዩ በቢ እዋኑ እናተገለፀ ዝነብር ወድዓዊ ተርእዮ ብኣግባቡ ብምብያን ምትንታን ኵለንተናዊ መንነት (ስነ ልቦናዊ ቅኒት፣ ማሕበራዊ

ኵነት፣ ባህላዊ ስርዓት፣ ፖለቲካዊ ርድኢት፣ ታሪኻዊ መሰረት፣ ወዘተ.) እቲ ተተኳሪ ማሕበረ ሰብ፣ ካብ ምፅናዕ ተፈልዩ ከምዘይረኣይ ምርዳእ ይከኣል። ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነት፣ መፅናዕቲ ቋንቋ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምሁራዊ ተግባር ይገብሮ።

## ሓተታ መፅናዕቲ

ቋንቋ ትግርኛ ካብቶም ምዕቡል ዓርሳዊ ስነ-ልሳናዊ ቅርፅን ስርዓተ-ፅሕፈታዊ መግለፅን ብምውናኖም ብፍሉይ እናተዘከሩ ዝነብሩ ጥንታዎት ልሳናት ዓለም እቲ ሓደ እዩ። ኣብርሃም (2016) ንሪቼን ቸሩሊን (ብቕደም-ሰዓብ) ብምጥቃስ፣ ትግርኛ ካብ ግእዝ ብምውራስ ዘተኣታተዎም ናይ ዓርሱ 32 ፊደላት ዘለዉዎ፣ ሽሕ እኳ ቅድሚ ነዊሕ ዘበናት ይዝረብ እንተነበረ ካብ 13 ክፍለ-ዘበን ንድሓር ዕላዊ ህላውኡ ዘርኣየ፣ ብሰንኪ ሰፊሕ ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ልሳነ-ግእዝ፣ ማዕረ ማዕርኡ ድማ ኢንግሊዝኛ፣ ጣልያንኛን ኣምሓርኛን በቢ እዋኑ ብምፍርራቕ ቋንቋታት መንግስቲ ብምዃን ብምቕፃሎም ብፍላይ ብመዳይ ስነ-ፅሑፋዊ ምዕባልኡ ኣዝዩ ተደሪቱ ዝፀነሐ ጥንታዊ ቋንቋ ምዃኑ ይገልፅ።

ካብዚ፣ ቋንቋ ትግርኛ ብሰንኪ ኣብ ነዊሕ መዋእሉ ካብ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት ብተደጋጋሚ ዘጓነፉዎ ሓደጋታት ህልውና ንቕድሚት ከይግስግስ ተቐይዱ ብምፅንሑ ክንድቲ ዝግብኦ ክምዕብል ከምዘይከኣለ ምርዳእ ይከኣል። ብፍላይ ድሕሪ መወዳእታ 19 ክፍለ-ዘበን ንዝተፈጠረ ታሪኻዊ ተርእዮ ስዒቡ ምስ ኩሎም ባህርያዊ መግለፅታቱን ተግባራዊ ሓለፋታቱን ብስርዓታዊ መስርሕ እናተመረሐ ንልዕሊ ሓደ ክፍለ-ዘበን (1881-1983 ዓ.ም.) ብዘይ ምቍራፅ ንዝተተግበረ ረገፃ ተሳጢሑ ፀኒሑ እዩ (ክብሮም ጎ. (2012 ዓ.ም.፣ 2014 ዓ.ም.)።

ቋንቋ ንበይኑ ተነፂሉ ዝረኣይ ቍንፁል ነገር ኣይኩነን። የግዳስ ምስ ሰብኣዊ ህልውና፣ መሰረታዊ ፍልስፍናን ሓፈሻዊ ኩነታትን፣ ወዘተ. ተዛረብቱ ብምትእስሳር ዝረኣይ ረቂቕን ሕልኽላኽን ኣምር እዩ። በዚ መሰረት፣ በቢ እዋኑ ኣብ ማሕበረሰብ ቋንቋ ማሕበረ-ፖለቲካውን ታሪኻውን ብዘጋጥሙ ነባራዊ ተርእዮታት ብቐጥታ ናይ ምፅላው ልዑል ተቓላዓይነት ኣለዎ ። ኣብዚ ሓቂ ብምትርኣስ፣ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ነዊሕ መዋእሉ ብተደጋጋሚ ዝተርኣየ ሓደጋ ህልውና ከምዘጓነፎ ኣብ ዝተፈላለዩ ታሪኻዊ ተርእዮታትን ርትዓዊ ሓተታታትን ብምትርኣስ ምግላፅን ምርግጋፅን ይከኣል። ሳራ ቫጋን፣ ቋንቋ ትግርኛ ካብቶም ብሰንኪ ዘውዳውያን ገዛእቲ እታ ሃገር ንኣማኢት ዓመታት ዝተግበሩዎ መሰል ካልኦት ምሉእ ብምሉእ ብምጭፍላቕ ንቛንቋ ኣምሓርኛ ብፍሉይ ዘንግስ ስሩዕ መስርሕ ንዘበናት ተረጊፆም ዝፀንሑ ልሳናት ኢትዮጵያ እቲ ሓደን እቲ ቀንድን ምዃኑ ትገልፅ፡-

> *[...] ኣብ ልዕሊ፣ ድሕሪ ሞት ሃፀይ ዮሃንስ 4ይ (ዘ.ን.[2] 1869-1889) በትረ-ንግስና ዝጨበጡ ሃፀይ ምኒሊክ 2ይ (ዘ.ን. 1889-1913) ብውዕሊ ውጫለ ምድረ-ባሕሪ ንጣልያን ብዕሊ ብምሃብ ንኸልቲኦም ተዛረብቲ ትግርኛ ብሩባ መረብ ብምጕዛይ ምብትታኾም፣ [...] ብድሕሪኦም ዝሰዓቡ ዘውዳውያን ገዛእቲ ምእንተ ልዕልነት ቋንቋ ኣምሓርኛ ካልኦት ልሳናት ኢትዮጵያ ምጥቃም ምሉእ ብምሉእ ዝእግድ ስሩዕ መስርሕ ብምሕንፃፅ ንዘበናት ተግቢሮም። ወላ ኣብቶም ዘበናዊ ትምህርቲ*

[2] ዘበነ-ንግስና

> *ዝተስፋሕፈሐሎም ናይ መወዳእታ እዋናት ዘበነ-ንግስነት ካብ ኣምሓርኛ ወፃኢ ምዝራብን ብዛዕባ ብሄራዊ መንነት ምውጋዕን ብፖሊሲ ዝተኸልከለ ነውርን ፀያፍን ተግባር ነይሩ። ከምዚ ዝኣመሰለ [ሻራዊ] ኣካዪዳ፣ ብፍላይ ኣብ ከተማታትን ዩኒቨርሲታትን ቋንቋ-ተኰር (ብሄር-ተኰር) ሕቡኣት ውዳበታት ብብዝሓት ክዕንብቡ ኣገዲዱ። ንኣብነት፣ ካብ መወዳእታታት 1960 ንድሓር ዳርጋ ፍርቂ ክፍልታት መንበሪ ተምሃሮ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርሲቲ ብመሰረት ተዛምዶ ብሄርን ቋንቋን ብዝውደቡ ጉጅለታት ተምሃሮ ምምላእ ጀሚሮም። እዚ ኵነት፣ ብኸይዲ ብፍላይ ንሕድሕዳዊ ርክብ ተዛረብቲ ቋንቋታት ኦሮምኛ፣ ኣምሓርኛን ትግርኛን ናብ ፈፂሙ ዘይተዓረቕ መንነታዊ ጐንፂ ኣምሪሑ። ምስዚ ብምትእስሳር፣ ብ1967 ኣብ መንጎ ክልቲኦም ተዛረብቲ ትግርኛን (ኤርትራውያን ተጋሩን ብጥምረት) ተዛረብቲ ኣምሓርኛን ተምሃሮ ፅላት ቤተ-ፈተነ ዋና ክፍሊ መፅናዕቲ ትምህርቲ ንመዓልታት ዝተርኣየ ኣካላዊ ተፃብኦ ብዋናነት ይጥቀስ። እዚኣቶም፣ ንሕዱራት ዕላማታቶም ብዘጠናኽር መልክዕ በቢ ወገኖም ብዝተዋደዱ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን [ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ] ህ.ወ.ሓ.ት.ን [ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ] ተመሪሖም ናብ በረኻ ብምውራድ ብዋናነት ብመዓርነት ቋንቋን ውሑስ ብሄራዊ ሓርነትን ዝግለፅ መሰል ዓርሰ-ውሳነ ንምርግጋፅ ዝዓለመ ነዊሕ ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዶም። (ሳራን ፐላውትን፣ 2023፣ ገፅ 19፣ 52፣ 57)።*

ከም ወዮ፣ "ታሪኽ ንዓርሱ ይደግም" ዝብሃል፣ ነቲ ንዓመታት ውሽጢ ውሽጢ እናተብላዕለዐ ድሕሪ ምፅናሕ ብ2010 ዓ.ም. ብቕሉዕ ዝሳዕረረ ደግሲ ታሪኽ ስዒቡ ብዝበኣሰ መልክዑ ብምትሕልላኽን ዓይኑ ብምፍጣጥን ዝትግበረሉ ጥጡሕ ባይታ እንትረክብ ተራእዩ። ከምዚ ንዝኣመሰለ ስግንጢራዊ ኵነት ብምብልላፅ ከካብ ዝነበሩዎ ብምትእኽኻብ ሓፈሻዊ መንነት ቋንቋ ትግርኛን መሰረታዊ ሃለዋት መላእ ደቂ ምድረ ትግራይን ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገፀ-ምድሪ ንምውጋድ ብቃል-ኪዳን ደም ተመሓሒሎም ናብ ሓደ ደንበ ከምዝተጠመሩ ብብዙሓት ዝዝረበሎም ሓይልታት ጥፍኣት፣ ብፍላይ ካብ ምብሓት 2013 ዓ.ም. ክሳብ ምኽንባት 2015 ዓ.ም. ንዝነበሩ ተኸታተልቲ ዓመታት ብሆቦብላዊ ቅኒት ተሰንዮም ብምውፋር ኣብ ልዕሊ ክብሪ ሰብኣውነትን መንነትን እዚ ጥንታዊ ህዝቢ ብዘይከልካሊ ምዕንዳሮም ዓለም ብዓለማ ዝተዓዘበቶ ቅሉዕ ሓቂ እዩ።

ነዚ ኵነት፣ ዮሃንስ ኣ. (2023)—ኲናት ትግራይ "ብምሉእ ዕፅዋ ሓበሬታን ፍፁም ፅምዋ ማሕበረሰብ ዓለምን" ብምስናይ ዝተፈፀመ መስካሕኽሒ ተርእዮ እዩ፣ "ኣብ መላእ ዓለም ከም ኣብ ትግራይ ዝተገበረ ምድራዊ ገሃነም ምቕራብ ኣይከኣልን"፣—ንዝብሉ፣ ብዶር. ኣሌክስ ዲ. ዋልን ዶር. ቴድሮስ ኣድሓኖምን (ብቕደም-ሰዓብ) ዝተውሃቡ ቃለ-ምስክርነታት ብምቕዳም፣ ወፍሪ ብርሰት ዓልየት ትግራይ ኣብዚ ክፍለ-ዘበን ካብ ዝተርኣዩ ዘርኣዊ ተፃብኦታት ብቐዛፋይነቱ ተወዳዳራይ ዘይርከቦ፣ ብፍፁም ጭካነ፣ ጅምላዊ መቕዘፍቲ፣ ፆታዊ መጥቃዕቲ፣ ራስያ ንብረትን ሃስያ ኣካልን ተሰንዩ ዝተተግበረ ትሉምን ዕሉምን ወፍሪ ፅንተት ምንባሩ ይገልፅ። ብተወሳኺ፣ ነዊሕ ታሪኻዊ

መሰረት ካብ ዘለዎን ንዘበናት ዝተጠጀአን ክሑን ፅልኢ ብምውላድ ትግራይን ተጋሩን ካብ ገፀ-ምድሪ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምምውሓው ብምዕላም ዝተሳለጠ ማእለማ ጥፍኣት ምዃኑ እውን ይሕብር። ብሓፈሻ፣ ካብቶም ኣብ ሕሉፋት እዋናት ኣንፃር እዚ ጥንታዊ ህዝቢ ብምቅናዕ ብተኸታታልነት ዝተተግበሩ ወራራት መንነታዊ ጉብጣ ብኹለ-መዳዩ እቲ ዝኸፈአ እዩ።

ካብቶም ሰነዳዊ መረዳእታታት፣ እቲ ብተደጋጋሚ ምትግባሩ ዝተመስከረሉ ግርንቢጣዊ ኩነት፣ ብዋናነት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተልዓሉ ዘውዳውያን ንዘበናት ኣብ ልዕሊ ትግራይን ተጋሩን ካብ ዘዋህለሉዎ ዘርኣዊ ፅልኣት ብምውላድ ብኸይዲ ብዝገወደ ታሪኻዊ ዕዳ ከምዝግለፅ ምርዳእ ይከኣል። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ እዚ ከም ቀንዲ መርኣያ ሕዱር ሕማም እታ ሃገር [ኢትዮጵያ] ዝውሰድ ታሪኻዊ ዕዳ ካብ እንግድዓ ተጋሩ ብቐሊሉ ክወርድን ክውገድን ከምዘይከኣለ፣ የግዳስ ልክዕ ከም ሕማም ድሓር ኩነታትን እዋንን ብዝጥዓመሉ መጠን መሰረታዊ ዕላማታቱ እንተይኰነ መንነታዊ መግለፅታቱ ብምልውዋጥ እናተገለፀ እግሪ እግሮም ምስዓቡ፣ ካብዚ ሓሊፉ ንሓዋሩ ናይ ምቑፃል ተኽእሉኡ ኣዝዩ ምዃኑ የርእዩ።

ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ፣–ሓፈሻዊ ገፀ-ኩነት ካብ 2010-2015 ዓ.ም. ዝተርኣዩ ውፅኢታት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ምንፃር፣–እዩ። በዚ መሰረት፣ ኣብቲ ዝተነፀረ ዓንኬል ግዜ ዝፈረዩን ብዝተፈላለዩ መስርሓት ዝተዘርግሑን ፅሑፋዊ ውፅኢታት ብስፍሓትን ብዕምቈን ንምትንታን ልዑል ፃዕሪ ተገይሩ።

## ኣገዳስነት መፅናዕቲ

ኩነተ ምዕባለ ቋንቋ [ዕብየት ቋንቋ] ኣዝዮም ዝተሓላለኹ መሰረታዊ ባህረ-ግብርታትን ወድዓዊ ከይድታትን ብምጥቕላል ዝግለፅ ረቂቕን ዓሚቝን ኣምር እዩ። ከይዲ ምዕባለ ዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ ቋንቋ ተተኳሪ ማሕበረሰብ ቋንቋ እናተገለፀሉ ካብ ዝነብር ተግባራዊ ህይወት ተፈልዩ ኣይረኣይን። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ከከም ተዛረብቱ ብተግባር ዝጕዓዙሉ ወድዓውነት እናተፀለየን ብውፅኢቱ እናተቓነየን ናብ ክልቲኦም ኣንፈታት [ወይ ንዓቕብ ወይ ንቑልቁል] ብናህሪ ናይ ምልውዋጥ ፀባይ ኣለዎ። ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነት፣ ብኹለንተናውናዊ መልክዓቱ እንትገሃድ ንመብዛሕቲኦም መሰረታዊ መለለዪታት ደቂ ሰባት ብተግባር ብምውራስ ክግለፅ ይገብሮ። ሉቃስ (1998)፣ ምስዚ ብምትእስሳር ነዚ ዝስዕብ ሓሳብ የቐምጥ፡-

> *ቋንቋና ልክዕ ከም በዝሒ ህዝብና ዓይነተ-ብዙሕን መጠነ-ሰፊሕን ለውጢ ምምዝጋቡ ምርኣይ ይከኣል። ኣብ መዋእላዊ ጕዕዞና ብዙሓት ኣገደስቲ ቃላት ካብ ካልኦት ቋንቋታት ብልቃሕ እናተኣታተውና፣ በቢ ግዚኡ ኣረግቶትን ነባራትን ኣጠቓቕማታት ብሓደሽቲ ኣገላልፃታት እናተካእና ብምቕፃልና፣ ቋንቋና [ቋንቋ እንግሊዝኛ] ብፍላይ ብመዳይ ትሕዝትኡ ኣዝዩ ተለዊጡ እዩ። ንኣብነት፣ ብ1898 ዓ.ም.ፈ. ንፈለማ እዋን 70 ሽሕ ቃላት ብምሕቛፍ ዝተሓተመ <u>መዝገበ-ቃላት ዌብስተር</u>፣ ብ1993 ተኸሊሱ ንዓስራይ ግዜ እንትሕተም ናብ 170 ሽሕ እንትዓብይ ተራእዩ። ሓደ ብዓል ሞያ፣ ቋንቋ ኢንግሊዝኛ ኣብዚ ሕዚ ኣስታት 2 ሚልዮን ቃላት*

*ዝውንን፣ በቢ ዓመቱ ብኣሸሓት ዝግመቱ ሓደሽቲ መሰል ባእታታት ዘተኣታትው ማዕባላይ ቋንቋ ምዃኑ ይእንፍት (ሉቃስ 1998፣ 265)።*

እዚ መሰረተ-ሓሳብ፣ ቋንቋ ኣንፈት ምዕባልኡ ብመሰረታውነት ብዝፀልዉ እልፊ-ኣእላፍ ረቛሓታት ተሰንዩ ከምዝነብር ይንፅር። ብፍላይ ምጥንኻር ፅሑፋዊ መንነት፣ ንሚዛን ተለዋዋጣይን ማዕባላይን ባህሪ ኣዝ ዓውዲ ብእወንታዊ ኣንፈት ብምዕያር ምዕቡል ዓውዳዊ ኣጠቓቕማ ንምርግጋፅ ዝሕግዝ ፍቱን መስርሕ ምዃኑ ይሕብር። ብሓፂሩ፣ ምስፍሕፋሕ ባህሊ ፅሑፍ ውሑስ ምዕባለ ቋንቋ ዘረጋግፅ ሳይንሳዊ መስርሕ ብምዃኑ ወድዓዊ ኣገዳስነቱን ተግባራዊ ፀላውነቱን ልዑል እዩ።

ውሑስ ሃለዋትን ዘላቒ ምዕባለን ሓደ ቋንቋ ንምርግጋፅ በቢ እዋኑ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝግለፁ ፅሑፋዊ ውፅኢታት ብስፍሓት ካብ ምዝርጋሕ ብተወሳኺ ንሕድሕዳዊ መንነቶም ብዝርዝር ብምንፃር ብስፍሓትን ብዕምቈትን ምትንታን የድልይ። ብኸምዚ ዝቃነይ ቋንቋ ብዅለንተንኡ ክምዕብልን ክድልድልን ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ብኣንፃሩ እንትቃነይ ግና፣ ወላ ንግዚኡ ተንከርከር እንተበለ እውን ብኸይዲ ስለዝዳኸም ውሑስ ዘላቕነት ኣይህሉዎን። ብስሩ እውን ውዒሉ ሓዲሩ ወድዓዊ ሃለዋቱ ካብ ተፈጥራዊ ሞቱ ናብ ዘይፍለየሉ ዝግመተ-ለውጢ ብምምራሕ ንሓደጋ ጥፍኣት ምስጥሑ ኣይተርፎን።

ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ትግርኛ ንወድዓዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ብምትርኣስ ዓውዲ ተግባራውነቱ እንትስፍሕን ውፅኢታቱ እንተብዝሕን እንተተርኣየ እኳ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ሓለኽቲ ግድፈታት ኣይተናገፈን። ምስዚ ብምትእስሳር፦ ግድፈት ስርዓተ-ነጥቢ፣ ግድፈት ምእኹልነትን ምዕሩይነትን፣ ግድፈት ኣግባብነትን ዓውዳውነትን፣ ወዘተ. ዝብሉ ከም ዋና ዋና መርኣያታት ይጥቀሱ። ብሓፈሻ፣ ክብደት ፀላውነት እቶም ዝተነፀሩ ምኽንያታትን ክሱትነት ካልኦት መሰል ወድዓዊ ምዕባለታትን ኣገዳስነት እዚ መፅናዕቲ ኣዝዩ ልዑል ይገብሮ። ብተወሳኺ፣ ከም ኣካል ስነዳ ኲናት ብርሰት ዓልየት ትግራይ እንትረኣይ ወዓል ሕደር ዘየድልዮ ሞያዊ ሓላፍነት ብምዃኑ ፍሉይ ታሪኻዊ ረብሓ ከምዝህሉዎ ይእመን።

## ዕላማታት መፅናዕቲ

ቀንዲ ዕላማ እዚ መፅናዕቲ፣ ሓፈሻዊ ገፀ-ኰነት ካብ 2010-2015 ዓ.ም. ዝተርኣዩ ውፅኢታት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ምንፃር ኰይኑ፣ እዞም ዝስዕቡ ዝርዝራዊ ዕላማታት ኣለዉዎ፦

**ሀ.** ካብ 2010-2015 ዓ.ም. ኣብ ኢትዮጵያ ንዝነበረ ፖለቲካዊ ትኲሳት ስዒቡ ኣብ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ዝተርኣየ ምንቕቓሕ ብኸመይ ከምዝግለፅ ምንፃር፣

**ለ.** ኣብቲ ዝተነፀረ ዓንኬል ግዜ ብቋንቋ ትግርኛ ዝፈረዩን ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝተዘርግሑን ፅሑፋዊ ውፅኢታት እንታይ ዓይነት ተግባራዊ ፀላውነትን ዓውዳዊ ኣግባብነትን ከምዝነበሮም ምርኣይ፣

**ሐ.** ወድዓዊ ውፅኢታት እዚ ዓውዲ ብመንፅር መሰረታዊ ኣንፈት ትኹረትን ቅዲ ኣቀራርባን ምትንታን፣

**መ.** ብፍሉይ ትኹረት ኣብ ዝተርኣዩ ተተኲርቲ ባእታታት ዝንፀባረቑ ሓለፋታትን ግድፈታትን ምንፃር፣

**ረ.** ንዝተነፀሩ ዋና ዋና ግድፈታት ዝደረኹ ወድዓዊ ምኽንያታትን ዝንባለታትን ምብያን፣ ወዘተ. እዮም።

## ደረት መፅናዕቲ

ከምቲ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝተገለፀ፣ ብዋናነት ካብ 2010-2015 ዓ.ም. ብዝተፈላለዩ ፅሑፋዊ መስርሓት ዝተዘርግሑ ውፅኢታት ብመዳይ ፖለቲካዊ መንነት ብምርኣይ ምንፃር እዩ። ኣብቲ ዝተነፀረ ዓንኬል ግዜ ንዝተርኣዩ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ስዒቦም ብትግርኛ ዝፈረዩ ወድዓዊ ውፅኢታት እዚ ዓውዲ ኣዝዮም ብዙሓትን ንዙሓትን ብምዃኖም፣ ኣብዚ ሓፂር መፅናዕቲ ንኹሎም ብምውሳድ ምፅናዕ ኣይከኣልን። ስለዚ፦ ማህተም ወ. 2015 ዓ.ም.፣ ኣሸናፊ ገ. 2015 ዓ.ም.፣ ኣብረሃ ታ. 2015 ዓ.ም.፣ ነጋ ዘ. 2014 ዓ.ም.፣ ወዘተ. ካብ ወድዓዊ መፅሓፍቲ፣ መፅሄት "ረመፅ" [ፍሉይ ሕታም፣ ጉንበት 2014 ኣ.ግ.] ካብ እዋናዊ ውፅኢታት ሕትመት፣ ዜናታት ቢቢሲ ትግርኛ፣ ቪኦኤ ትግርኛ፣ ተለብዥናት ትግራይን ድወትን፣ ከምኡ እውን ፅሑፋት ዝተፈላለዩ ውልቀ-ነጠፍቲ ካብ ማሕበራዊ ሚድያ [ብዋናነት መረበ ምስትያት ፅሕፈት] ወዘተ.፣ ብፍሉይ ብምምዛዝ።

## ዳህሳስ ተዛመድቲ ፅሑፋት

### እንታይነት ተረዳድኦ

ተረዳድኦ ብዋናነት ብቐንዲ ቀንዲ ባእታታትን መግለፅታትን ቋንቋ ተሰንዩ ዝትግበር እንካ-ሃባዊ ከይዲ ኰይኑ ዝተፈላለዩ ውልቀ-ሰባት፣ ጉጅለታትን ትካላትን ከከም ኩነታቱን ኣገዳስነቱን እናተገለፅሎም ዝነብሩ ሰብኣዊ ስምዒታትን ባህግታትን፣ ማሕበራዊ መስተጋብራትን ዝምድናታትን፣ ሓበራዊ ባህግታትን ትልምታትን፣ ትካላዊ መስርሓትን ተግባራትን፣ ወዘተ. ካብ ናብ ንምልውዋጥ ዝሳለጥ ወሳኒ ባእታ ህይወት እዩ። በዚ ምኽንያት፣ ብቐሊሉ ብምብያን ብኸምኡ ዘይትንተን ኣዝዩ ዓሚቑ መንነትን ሰፊሕ ተግባራውነትን ስለዝውንን፣ መብዛሕቲኡ ግዜ ንኹሉ ብዘስማዕምዕ ሓደን ጥርኑፍን ወሰነ-ትርጉም ንምግላፅ እንተፀገም ይረኣይ። ምስዚ ብምትእስሳር፣ ዝተፈላለዩ ፀለውቲ ምኽንያታት ብምዝርዛር ምንፃር ይከኣል። ብዋናነት ግና፣ ብደረት ኣልቦ ዝርገሐ ዝግለፅ ኣድማሳዊ መስርሕ ብምዃኑ እዩ።

እዚ ኩነት፣ ብኣውርኡ ኣብ ክልተ ሓፈሻዊ ሓተታታትን መሰረታዊ መነፀርታታትን ብምትርኣስ ብዝበለፀ ክብራህራህ ይኽእል። ብቐዳምነት፣ ኣብ ኩሎም ዓውድታት ህይወት ንዝተዋፈሩ ብምሉኦም ኣባላት ዝኹነ ይኹን ማሕበረሰብ ወይ ሕብረተሰብ ብማዕረ ዝምልከት ሓበራዊ መስርሕ እዩ። ይውሓድ ይብዛሕ፣ ካብቶም ብዙሓት መግለፅታት መስርሕ ተረዳድኦ ነቶም ገሊኦም ዘየተግብር ሰብኣዊ ፍጡር የለን እንተተብሃለ ልክዕነትን ግቡእነትን ኣለዎ። ብተወሳኺ፣ ካብ ሰብኣዊ ዓውዲ ብምዝላል ኣብ ካልኦት ወድዓዊ ተርእዮታትን ተግባራዊ ረብሓታትን ምትግባሩ ከም ካሊእ ገዛኢ ምኽንያት ይጥቀስ። ካብ ብተወሳኺ፣ እንስሳት እውን ብናይ ዓርሶም መንገዲ ዝግለፁ ዝተፈላለዩ ባእታታት፣ ማለት እውን ድምፅታትን ምልክታትን ብምጥቃም ይረዳድኡ እዮም። ብዋናነት፣—ተረዳድኦ ኣብ ክንዲ ባህርያዊ መንነቱን እንታይነቱን ብምንፃር ንምብያን፣ ንተግባራዊ

ዕላማታቱን ረብሓታቱን ብምዝርዛር ንምትንታን ዝቐልል ሰፊሕን ዓሚቑን ዓውዲ እዩ፣—ዝብሃል እንብኣር ኣብቶም ዝተነፀሩ መሰረታዊ ምኽንያታት ብምምርኳስ እዩ (እኒ ሮናልድ፣ 2005)።

ብሓፈሻ፣ ተግባር ተረዳድኦ ብፍላይ ብመንፅር ባህረ-ግብሪ ደቂ ሰባት እንትረኣይ፣–ተጠቀምቲ ሓደ ቋንቋ መሰረታዊ ዕማማት ህይወት ንምዕዋት [ንኣብነት፡- ስምዒቶም ንምንፅብራቕ፣ ትምኒታቶም ንምግላፅ፣ ሓሳባቶም ንምልውዋጥ፣ ባህግታቶም ንምንፃርን ዕላማታቶም ንምትግባርን ወዘተ.] ዝተፈላለዩ ስነ-ልሳናዊ ትእምርትታትን ባእታታትን ብምጥቃም ኣብ ረብሓ ዘውዕሉዎ ሰብኣዊ መስርሕ–ብምባል ክብየን ይኽእል። ብሓፂሩ፣ ተረዳድኦ፡- ምሕባር [ምምሃር]፣ ምሕባል [ምጉስጓስ]፣ ምዝንጋዕ [ምሕዳስ]፣ ዝብሉ ሓፈሻዊ ዕላማታትን ረብሓታትን ዘለዉዎ፣ ከከም ኵነታቱን ኣገዳስነቱን እናተርኣየ ብዝተፈላለዩ ተግባራዊ መግለፅታት ዝትግበር ዕድመ-ፀገብ ሰብኣዊ መስርሕ እዩ።

**ዓይነታት ተረዳድኦ**

ተረዳድኦ ብዋናነት፡- ዝርርባዊ፣ ፅሑፋዊ፣ ሓውሲ ፅሑፋውን ምልክታውን፣ ወዘተ. ብዝብሉ መሰረታዊ መልክዓት ተሰንዩ ብተግባር ዝግለፅ  ወሳኒ ባእታ ህይወት እዩ። እዚኣቶም ከከም ኵነታቱን ኣገዳስነቱን ብምርኣይ ዝትግበሩ መግለፅታት ሓደ ዓውዲ ኰይኖም ብሕድሕዳዊ መልክዕ ተበይኖም ዝትንተኑ ዝርዝራዊ ባህርታት ከምዝውንኑ ምርኣይ ይከኣል።

**ሀ.** *ቃላዊ ተረዳድኦ*፡- [ንኣብነት፡- ዕለታዊ ተረዳድኦ፣ ባህላዊ ሽምግልና፣ ጋዜጣዊ መግለፂ፣ ገፅ ንገፅ ተረዳድኦ፣ ስልካዊ ተረዳድኦ፣ ወዘተ.]

**ለ.** *ፅሑፋዊ ተረዳድኦ*፡- [ንኣብነት፡- መዝገብ ክሲ፣ ሰሌዳ ስነ ልሳን፣ በራሪ ፅሑፍ፣ ወረቐት ዕድመ፣ ውፅኢታት ሕትመት፣ ደብዳበ፣ ፅሑፋት ማሕበራዊ ሚድያ፣ ወዘተ.]

**ሐ.** *ትእምርታዊ ተረዳድኦ*፡- [ንኣብነት፡- ምልክት ትራፊክ፣ ምልክት ንግዲ፣ ቋንቋ ምልክት፣ ወታደራዊ ትእምርቲ፣ ዓለም ለኻዊ ትእምርትታት፣ ወዘተ.]

**መ.** *ሓውሲ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ*፡- [ንኣብነት፡- ዓፅመ-መደረ (ኪ ኖት ስፒች)፣ ዜና፣ ሰሙናዊ መግለፂ፣ እዋናዊ ፃውዒት፣ ወዘተ.]

እቶም ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝቐረቡ ዓይነታት ተረዳድኦ ነኒ ሕድሕዶም ብዙሕ ነገር ዘብህሉ ቊምነገራት ዝሓዘሉ እዮም። ይኹን እንበር፣ ኣብዚ ሓፂር መፅናዕቲ ንኹሎም ምድህሳስ ስለዘይከኣል ኣብቲ ዋና ተተኳሪ ብፍሉይ ምድሃብ የገድስ።

ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ብዋናነት ብፅሑፋዊ ውክልና ዝትግበር፣ ምውዳድን ምውህሃድን ዝተፈላለዩ ክእለታት፣ ኣምራት፣ ባእታታትን ዝንባለታትን ህይወት ዝጠልብ ስሩዕ መልክዕ ተረዳድኦ እዩ። በዚ መሰረት፣ ካብ መብዛሕቲኦም መልክዓት ተረዳድኦ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ካብ ዝርርባዊ ተረዳድኦ ኣዝዩ ይፍለይ። ኣቦት (2007)፣ ከምዝብሎ፣ ፅሕፈት ኣገዳስነት ንፅረት ሓሳብን ርዝነት ፍልጠትን ዝእንፍት፣ ከምኡ እውን ክእለት ፈጣራይነትን ምናባውነትን ዝሓትት ዓሚቝ ዓውዲ እዩ። በዚ መሰረት፣ ሓደ ፀሓፊ ንኹሎም ገፃት ህይወት ብምሉእነት ዝርእየሉ ዓይነ-ልቦና ምውናን ጥራይ እንተይኰነ ዝተዓዘቦም ተርእዮታትን ዘስተውዓሎም ቊም ነገራትን ብዝግባእ ንምግላፅ ዘኽእሎ እኹል ሃፍቲ ቃላት ምኽዕባት እንኮላይ የድልዮ። ላንጋን (2005) ነዚ መሰረተ-ሓሳብ፣ “ፅሕፈት

ሰባት ነኒ ሕድሕዶም ዝረዳድኡሉ ፍሉይ መሳርሒ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ኣእምሮ ፀሓፊ ዝሰሓለሉ፣ ንፅረት ሓሳብ ዝምዕብለሉ፣ ከምኡ እውን ኣድማስ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ዝሰፍሐሉ ከይዳዊ መስርሕ እዩ" ብምባል የጠናኽሮ።

ካብዚ፣ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ናብ ሓቃዊ ስምዒት ፀሓፍቱ ጥራይ እንተይኰነ ናብ ወድዓዊ መንነት ተደረስቱ እውን ዝቐረበ መስርሕ ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል። ብሓፈሻ፣ ምስ ወድዓዊ ተርእዮታት ህይወት ብምትእስሳር ዝዝርግሑ እዋናዊ ውፅኢታት እዚ ዓውዲ ብዝግባእ ብምብያን ምትንታን ኵለንተናዊ መንነት [ንኣብነት፡- ስነ-ልቦናዊ ቅኒት፣ ማሕበራዊ መስተጋብር፣ ፖለቲካዊ ዝንባለ፣ ወዘተ.] እቲ ተተኳሪ ማሕበረሰብ ካብ ምፅናዕ ተፈልዩ ዘይረኣይ ጠቓሚ ተግባር እዩ።

## ዝምድና ኣገዳስነት ቋንቋን ተግባራውነት ተረዳድኦን

ተረዳድኦ ብዋናነት ከከም ኵነታቱ እናተረኣዩ ብዝትርጐሙ ትእምርትታትን መግለፅታትን ተሰንዩ ምእንተ ምዕዋት ስሉጥ ምልውዋጥ መሰረታዊ ስምዒታትን ወድዓዊ ድልየታትን ዝትግበር ኣዝዩ ዝውቱር መስርሕ ምዃኑ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ተነፂሩ። ምስዚ ብምትእስሳር፣ ኣገዳስነት ቋንቋ ብዋናነት ጥራይ እንተይኰነ ብቐዳምነት ይርቋሕ። ቋንቋ ብኻሊእ መልክዕ ክግለፁ ዘይኽእሉ ኣዝዮም ብዙሓት ተግባራትን ረብሓታትን ዘለዉዎ ሰብኣዊ ባህሪ እዩ። ብሓፂሩ፣–መሰረታዊ መንነት ወነንቱ ንምቕራፅን ስነ-ልቦናዊ ቅኒት ተዛረብቱ ንምህናፅን፣ ሰብኣዊ ድልየት ንምንፃርን ተፈጥራዊ ውህበት ንምምርማርን፣ ዘቤታዊ ስልጣነ ንምውሓስን ታሪኻዊ ብያነ ንምኽላስን፣ እዋናዊ ፃውዒት ክተት ንምግዋሕን መድረኻዊ መኸተ ንምዕዋትን፣ ከምኡ እውን ተግባራዊ ተርእዮታት ንምግላፅን ማሕበራዊ መስተጋብር ንምምስራትን የገልግል፣ ወዘተ. ዝብሉ፣–ከም ዋና ዋና ተግባራትን ረብሓታትን ቋንቋ ይጥቀሱ።

ብሓፈሻ፣ ቋንቋ ዝተፈላለዩ መሰረታዊ ዕላማታት ንምዕዋት ዝሕግዙ ብዙሓትን ንዙሓትን ተግባራዊ ረብሓታት ዘለዉዎ ወሳኒ ባእታ ህይወት እዩ። ዋላ እኳ፣ ብቐዳምነት ዝግለፅ ተግባሩ ምርግጋፅ ስሉጥ ተረዳድኦ ምዃኑ እንተዘይተኸሓደ፣ ሓፈሻዊ መንነቱን ወድዓዊ ኣገዳስነቱን ኣብዚ ጥራይ ኣይድረትን። ካብዚ ሓሊፉ፣ ቀንዲ ወካሊ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን፣ ባህርን ባህልን፣ ታሪኽን ስርዓትን ተዛረብቱ እውን እዩ። ብሓፂሩ፣ ሓፈሻዊ መንነት ቋንቋ ካብ ሰብኣዊ ባህርን ወድዓዊ ባህልን ማሕበረሰብ ቋንቋ ተነፂሉ ኣይረኣይን። እዞም ዝስዕቡ ተናበብትን ተመጋገብትን ምሁራዊ ስራሕቲ ነዚ መሰረተ-ሓሳብ የጠናኽሩ።

> *ከም ኣበሃህላ ሉቃስ (1998፣ 265)፣ ቋንቋን ኣተሓሳስባን ብስጡም ይተኣሳሰሩ ጥራይ እንተይኰነ፣ ፈፂሞም ዘይነፃፀሉ ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፃት እዮም። ደቂ ሰባት መጀመርታ ብፃልጣ፣ ማለት እውን ኣቐዲምና ብዘይ ቋንቋ ብምሕሳብ ዝሓሰብናዮ ዝሽከሙ ቃላት ናብ ምትእልላሽ ኣይንሰግርን። የግዳስ፣ ካብ ብሱረ-መሰረቱ ብቛንቋ ብምሕጋዝ ንሓስብ። [ብተወሳኺ]፣ ቋንቋ ሓፈሻዊ መንነት ማሕበረሰባት/ሕብረሰባት ዘንፀባርቕን ምስ ክዕቡት ሓበራዊ ታሪኾም ብስጡም ዝተኣሳሰርን ወሳኒ ባእታ ብምዃኑ፣ ወነንቱ እንተተኻኢሉ ብፍሉይ ክዕቀበሉምን ክምዕብለሉምን ይደልዩ፣ እንተንኢሱ ድማ ብሃበ-ተረኸበ ክንፀሉዎ ኣይፈቕዱን (እኒ ሆርኒንግ፣ 2006)።*

ካብዚ፣ ኣገዳስነት ቋንቋን ተግባራውነት ተረዳድኦን ብባህርያዊ ዝምድና ዝተኣሳሰሩ ዘይነፃፀሉ ባእታታት ህይወት ምዃኖም ምርዳእ ይከኣል። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ህላወ ስሩዕን ስሉጥን ከይዲ ተረዳድኦ ከም ወሳኒ ፀላዊ ባእታ ዝረኣይ ተግባራዊ መግለፂ ቋንቋ እዩ። ኣብ መንጎ ተዛረብቲ ሓደ ቋንቋ ውሑስን ዘላቕን ሓበራዊ ተረዳድኦ እንትህልው ከበድቲ ነገራት ቀለልትን ምቕሉላትን ስለዝኾኑ ህዝቢ ከም ህዝቢ ብኾለንተናዊ መልክዕ ዝግለፁ ተደራረብቲ ተኣምራት ህይወት ንምግሃድ ይበቅዕ። ነገራት ብግልባጡ እንትትግበሩ ግና፣ ነኒ ርእሱ ስለዘይደማመፅ መሊኡ ንምጥፋእ እውን ዝተሰጠሐ እዩ። ብሓፂሩ፣ ቋንቋ ተግባራዊ ተረዳድኦ ካብ ዝግለፀሉ መሰረታዊ ዓውዲ ተነፂሉ ከምዘይረኣይ ምርዳእ የድልይ።

## 2.4. ሌላ ቋንቋ ትግርኛን ስነ-ፅሑፋዊ መንነትን

ቋንቋ ትግርኛ ካብቶም ምዕቡል ዓርሳዊ ስነ-ልሳናዊ ቅርፅን ስርዓተ-ፅሕፈታዊ መግለፅን ብምውናኖም ብፍሉይ እናተዘከሩ ዝነብሩ ጥንታዎት ልሳናት ዓለም ብቕዳምነት ዝርቋሕ ዕድመ-ፀገብ ሰብኣዊ ፀጋ እዩ። ነዚ ሓቂ፣ ካሊእስ ይትረፍ ካብቲ ብፅሑፋዊ መንነት ምግላፅ ከምዝጀመረሉ ዝእመነሉ ምዕራፍ ዘበን ንነዘ ዘሎ ታሪኻዊ መልክዑ ብምርኣይ ጥራይ ምርግጋፅ ይከኣል። ተዛረብቲ ልሳነ ትግርኛ ሓሳባቶም፣ ባህግታቶም፣ ትምኒታቶም፣ ትልምታቶም፣ ወዘተ. ብፅሑፋዊ መስርሕ ብምውዳድ ነኒ ሕድሕዶም ምርድዳእ ካብ ዝጅምሩ ብዓሰርተታት ዝግመቱ ክፍላተ-ዘበን ከምዘቖፀሩ ዝተፈላለዩ ሰነዳት ታሪኽ ይሕብሩ። ኣብራሃም (2016)፣ ንሪቸ (1969)ን ኮንቲሮዚኒ (1940)ን ብምጥቃስ፣ ቋንቋ ትግርኛ "ካብ 13 ክፍለ-ዘበን ጀሚሩ ቋንቋ ስነ-ፅሑፍ" ምንባሩ ይገልፅ።

ካብዚ፣ ልሳነ ትግርኛ ቅድሚ ነዊሕ መዋእል ስርዓት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ብምትእትታው ንኹሎም መሰረታዊ ረብሓታት ቋንቋ ብዝግባእ ንምትግባር ዝበቐዐ ምዕቡል ልሳን ምንባሩ ምርዳእ ይከኣል። እንተኾነ ግና፣ እቲ ኣብ ሓደ ምዕራፍ ዘበን ብኸምዚ ይዝረበሉ ዝነበረ ክዕቡት ባህሊ ፅሑፍ ብሰንኪ እቶም ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ብዝተፈላለዩ ሓይልታት [ብዋናነት፡- ውሽጣውን ግዳማውን] እናተፈጠሩ፣ ብዘይምቍራፅ ካብ እዋን ናብ እዋን እናተሰጋገሩ ዝቐፀሉ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ተርባፃት መጠን ዝርግሕኡ ብነፃነት ዘስፍሐሉ ጥጡሕ ባይታ ብዘይምርካቡ ክንድቲ ዝግብኦ ጉሉህ ፀላዊ ባእታ ብምዃን እንትዘልቕ ኣይተርኣየን። ኣሸኢይዶ ብኸምዚ ዝዝከርን ዝንገርን ርኡይ ፅልዋ ክፈጥር፣ ከምቲ ንቡር ብኣግባቡ ተዓቂቡ ናብ ተኸታተልቲ ወለዶታት ብምልኣት ክሰጋገር እኳ ኣይከኣለን።

### መይላ ኣፀናንዓ

እዚ መፅናዕቲ ብዓይነቱ ዳህሳሳዊ ገምጋም እዩ። ባህርያዊ መግለፂኡ ኲይኑ፣ ሓፈሻዊ ከይዱ ወድዓዊ ትንተና ብዝብል ኣንፈት ኣጠማምታ ተሰንዩ ተራእዩ። ከምዚ ዝበለ ኣካዪዳ፣ ንሓደ ወድዓዊ ክዉንነት ወይ ተግባራዊ ውፅኢት ብዝተፈላለዩ መለክዕታትን መንፅራትን ብምርኣይ ብስፍሓተ-ዕምቈት ንምትንታን ዝፈቅድ ሳይንሳዊ መስርሕ ምዃኑ ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፉ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠትን ስነ-መይላን ይሕብሩ። ብመሰረት (ቤተልሄም 2009፣ ዶንስኮምቤ 2007፣ ዶርነይ 2007)፣ ዳህሳሳዊ ትንተና ኣብ ዝተመረፀ ውሱን ዓንኬል ግዜ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ተሰንዮም ብተግባር ዝረኣዩ ወድዓዊ ፍፃመታት ወይ እውን ቍስ-ኣካላዊ ተርእዮታት

ብስፍሓት ብምፅናዕ ብዕምቈት ንምግላፅ ዝሕግዝ ዓይነት መፅናዕቲ [ዘፈር ምርምር] እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሳይነሳዊ መስርሕ ዓርሰም ዝኽኣሉ መሰረታዊ መፍለዪ ባእታታት ዝግለፅ ኰይኑ ብዋናነት፡- ሓቛፋይነት፣ ኣሳታፋይነት፣ ተግባራውነትን እዋናውነትን፣ ወዘተ. ብዝብሉ ዝርዝራዊ ባህረ-ግብርታት ኈሊሁ ይልለይ።

ብሓፈሻ፣ ዳህሳሳዊ ትንተና ምውህሃድ ዝተፈላለዩ መይላታትን ስልትታትን፣ ከምኡ እውን ምውዳድ ሰፋሕትን ዓሞቐትን ትንተናታት ዝፈቅድ ተግባራዊ መይላ ብምዃኑ ኣብ ብዙሓት ዓውድታት ምርምር ብፍሉይ ብምሕራይ ዝትግበር ዝውቱር ምርምራዊ መስርሕ ይገብሮ። ብፍላይ ኣብ ትሕቲ ሕብረተሰባዊ ሳይንስ [ማሕበራዊ ሳይነስ] ምስ ዝረኣዩ ወድዓዊ ዛዕባታት ብምትእስሳር እንትትግበር ብልዑል ውፅኢታውነት ተሰንዩ ዝግለፅ ፍሉይ ኣገዳስነትን ተጠላብነትን ከምዘለዎ እቶም ዝተጠቐሱ ፀሓፍቲ ይስማዕምዑ። ኣብዚ ብምትርኣስ፣ ብመንፅር ወድዓዊ ኣገዳስነቱን ዓውዳዊ ግቡእነቱን ተራእዩ ውፅኢታውነቱ ብዝግባእ ስለዝተኣመነሉ ምእንተ ምዕዋት ዝተነፀሩ ዕላማታት ብፍሉይ ተመሪፁ ተተግቢሩ።

## መይላ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ

መረዳእታ መፅናዕቲ ንምእካብ ብዋናነት ዳህሳስ ሰነዳት፣ ብደጋፍነት ድማ ተግባራዊ ትዕዝብቲ ተተግቢሮም። በዚ መሰረት፣ ወድዓዊ ፅሑፋዊ ሰነዳት ከም ቀንዲ ፍልፍል መረዳእታ ኣገልጊሎም ማለት እዩ። በዚ መሰረት፣ ብዋናነት ድሕረ 2010 ዓ. ም. ብትግርኛ ዝፈረዩ ዝተፈላለዩ ፅሑፋዊ መስርሓት፣ ማለት እውን፡- ወድዓዊ መፅሓፍቲ፣ እዋናዊ ውፅኢታት ሕትመት [ንኣብነት፣ መፅሄት "ረመፅ"]፣ ፅሑፋት ማሕበራዊ ሚድያ [ፍሉይ ትኹረት፣ መረባ ምስትያት ፅሕፈት (ፌስ ቡክ)]፣ ወዘተ. ከም ዋና መመርኰሲ እዚ መፅናዕቲ ተወሲዶም ብዝግባእ ተራእዮም።

እቶም ዝተነፀሩ ወድዓውን እዋናውን ሰነዳት ዝሓዙዎም ተተኰርቲ ባእታታት ብኽልስ-ሓሳባዊ መይላ ሕርያ ተመዚዞም ኣካል መፅናዕቲ ኰይኖም። ብተወሳኺ፣ መሰረታዊ ትሕዝቶታት ስነ-ልሳናዊ ሰሌዳታት ንምድህሳስ ንኸተማ መቐለ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ ብወዝቢ ካብ ዝተኻየደ ተግባራዊ ትዕዝብቲ ዝተረኸቡ እታዎታት ከም ደገፍቲ ከይዲ ትንተና ኣገልጊሎም።

## መይላ ኣተናትና መረዳእታ

ከምቲ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝተነፀረ፣ ዋና ዕላማ እዚ መፅናዕታዊ ስራሕ፣–ኣብ እዋናዊ ውፅኢታት ብምትርኣስ ሓፈሻዊ ገፀ-ኵነት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ምንፃር፣–እዩ። ምእንተዚ፣ ዝርዝራዊ መንነት ብፍሉይ ዝተነፀሩ ገዛእቲ ባእታታት ብመዳይ ዝንተ-ርትዓዊ ዝምድናን ኵነተ-ተፀላላውነትን ብምርኣይ ምግላፅ ከምዝጠልብ ብዝግባእ ተራእዩ። በዚ መሰረት፣ ክዉንነት ወድዓዊ ፖለቲካዊ ኵነታት እዛ ሃገር [ኢትዮጵያ] ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ተግባራውነት ህዝባዊ መኸተ ደቂ ምድረ ትግራይ ከም ፀላዊ ባእታ፣ ፅሑፋዊ መንነት ቋንቋ ትግርኛ ድማ ከም ተፀላዊ ባእታ ብምንፃር ንዋና ዋና ሕድሕዳዊ መግለፅታቶም ብቕኒት ምኽንያትን ውፅኢትን ብዘተኣሳስር መልክዕ ብምውዳድ ተተንቲኖምን ተስተንቲኖምን።

ብሓፈሻ፣ በቶም ዝተገለፁ መይላታት ብምሕጋዝ ዝተኣከበ መረዳእታ ብጉስዐተ-ልባዊ መይላ ተሰንዩ ዝተተንተነን ብዝተፈላለዩ መንፅራት ተራእዩ ዝተስተንተነን ኰይኑ፣ ብዋናነት ጠማሪ ርትዒ [ቀማሪ ርትዒ] ብዝተብሃለ ስልቲ ስነ-መጐታዊ ተዛምዶ ተዋዲዱን ተወሃሂዱን ቀሪቡ። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ዝርዝራዊ መንነት ሕድሕድ ተተኲሪ ባእታ ብንፁር ብምብያንን ብምትንታንን ኣብ ዝተረኸቡ ውፅኢታት ብምትርኣስ ዋና ዋና ዕላማታት መፅናዕቲ ብተግባር ንምምላስ ዝሕግዙ ርትዓዊ ሓተታታትን ሓፈሻዊ መደምደምታታት ንምምዕባል ልዑል ፃዕሪ ተገይሩ።

በዚ መሰረት፣ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ትግርኛ ብዋናነት ድሕሪ 2010 ዓ.ም. ንዝተጎሃሃረ ፖለቲካዊ ትኩሳት እዛ ሃገር ስዒቡ ብፍሉይ ከምዝተነቓቕሐ ጥራይ እንተይኰነ፣ ብኣንፈት ወድዓዊ መንነት እቲ ተጋሩ ካብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ብዝተልዓሉ ሓይልታት እናተዋደደ ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ብዘይምቍራፅ ዝተፈነዎም ወፍሪ ብርሰት ዓልየት [ብርየት] ንምቕልባስ ዘካየዱዎ ህዝባዊ መኸተ ተገኒሑ ኣድማስ ዝርገሐኡን ፅልውኡን እናስፈሐ ምዃዱ ዝተፈላለዩ ተግባራዊ ኣብነታትን ርትዓዊ ሓተታታትን ብምቕራብ ምግላፅን ምርግጋፅን ተኻኢሉ።

## ትንተና መረዳእታ

ዋና ዕላማ እዚ መፅናዕታዊ ስራሕ፣ ሓፈሻዊ ገፀ-ኵነት ወድዓዊ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ምንፃር ምዃኑ ኣብ መእተዊ ተገሊፁ። በዚ መሰረት፣ ከም ቀንዲ መመርኰሲ መፅናዕቲ ዝተወሰዱ ሰነዳዊ መወከስታት ብመዳይ ብዋናነት ዝግለፁሎም ሓፈሻዊ መንነትን መሰረታዊ ትሕዝቶታትን ክንፀሩ ተገይሩ። እዚ ተግባር፣ ከም መርኣያ ዝተመረፁ ተተኲርቲ ባእታታት ብስፍሓትን ብዕምቈትን ብምትንታን ተጠናኺሩ። ምእንተ ንፅረትን ምቕሉልነትን ከይዲ ትንተና፣–[4.1.] ዳህሳሳዊ ገምጋም ወድዓዊ ሰነዳት፣ [4.2.] ተግባራዊ ገምጋም ተተኲርቲ ባእታታት፣–ብዝብሉ ጕጅላዊ መልክዓት ተዋዲዱን ተወሃሂዱን ቀሪቡ።

## ዳህሳሳዊ ገምጋም ወድዓዊ ሰነዳት

ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ነቲ ድሕሪ 2010 ዓ.ም. ኣብዛ ሃገር [ኢትዮጵያ] ዝተርኣየ ፖለቲካዊ ኵነታት ስዒቡ ብወሳናይነት ምንቕቓሑን ብኣድማስ ተበፃሕነቱ ብተዓፃፃፋይነት ምስፍሑን ተራእዩ። ብትግርኛ ዝፀሓፉ ውፅኢታት ኣብ ርእሲ ምውሳኾም፣ መስርሓት ዝርገሐኦም ብዓይነትን ብብዝሓትን እንትሰፍሑ ተራእዮም። ምስዚ ብምትእስሳር፦ እዋናዊ ውፅኢታት፣ ወድዓዊ መፅሓፍቲ፣ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ስነ-ልሳናዊ ሰሌዳ፣ ወዘተ. ከም ዋና ዋና መርኣያታት ይውሰዱ። እዚኣቶም በቢ ናይ ባዕልቶም ሕድሕዳዊ መንነት ዝልለዩ ኰይኖም፣ ኣብ ኵለንተናዊ ከይዲ እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ርኡይ ፅልዋ ከምዝነበሮም ጭቡጣት መርትዖታት ብምቕራብ ምግላፅን ምርግጋፅን ይከኣል። ናይዚኣቶም ሓፈሻዊ መንነት ብዕሊ ብምብያን ዝርዝራዊ መግለፅታቶም ብዕምቈት ምትንታን ግቡእ ንፅረትን ርድኢትን ከምዝፈጥር ስለዝእመን ብዝርዝር ቀሪቦም ኣለዉ።

### ትንተና እዋናዊ ውፅኢታት፦

እዋናዊ ውፅኢታት ከም በራሪ ፅሑፍ፣ መፅሄታትን ጋዜጣታትን፣ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ዘጠቓልሉ ፅሑፋዊ መስርሓት እዮም። ገፀ-ኵነት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ በዚ መንፅር እንትረኣይ፣ ኣብቲ ዝተነፀረ ዓንኬል ግዜ ዓብዪ ዝላ ምምዝጋቡ ምግላፅን ምርግጋፅን ይከኣል። ምስዚ ብምትእስሳር፦ *ረመፅ፣ ሩባ፣* ወዘተ. ብዝብሉ ዓፅመ-ስያመታት ዝፅርሑ መፅሄታት ከም መርኣያ

ይጥቀሱ። እዚ መፅናዕቲ፣ ብዋናነት ነታ ብብዙሓት ኣንበብቲ ከም ወካሊት ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ እዋናዊ ውፅኢታት እትውሰድ፣ መፅሄት *ረመፅ* ብፍሉይ ብምምዛዝ ኣብ ሓፈሻዊ መንነታ ዘተኩረ ትንተና የቕርብ።

መፅሄት *ረመፅ* ብኽፍሊ ሚድያን ስነዳን ረመፅ [ምንቅስቓስ መናእሰይ ትግራይ] እትሰናዳእ ልሳን ቃልሲ እያ። ኣብ ሚያዝያ 2013 ኣ.ግ. ሕትመታ ዝጀመረት እዛ መፅሄት ክሳብ ሕዚ ንፍሉይ ሕታም ሓዊሱ ብልዕሊ ትሽዓተ ሕታማት ናብ ኣንበብቲ ዝበፅሐት ኰይና፣ ብኽልተ ገዛእቲ ምኽንያታት ከም ቀንዲ መርኣያ እቲ ታሪኻዊ ተርእዮ ትውሰድ። ብቐዳምነት፣ ብመፀውዒ ስማ ምስቲ *ረመፅ* ብዝብል ሓበራዊ መፀውዒ ተመሪሑ ብፍላይ ካብ ጥቅምቲ ክሳብ ሰነ 2013 ዓ.ም. ዳርጋ ኣብ መላእ ከተማታት ትግራይ ምእንተ ዓርሰ-ነፃነትን ነብሰ-ሓርነትን ብንቕሓት ተወዲቡ ምስ ፀላእቲ ክሳድ ንኽሳድ ይተሓናነቅ ዝነበረ፣ ድሕሪኡ እውን ብዝተፈለዩ መልክዓት ብንጥፈት ምቅላስ ዝቐፀለ ምንቅስቓስ መናእሰይ ተጋሩ ብስጡም ትትኣሳሰር። ብተወሳኺ፣ ብመሰረታውነት እትግለፀሎም ትሕዝቶታት ኣብ ምውሳን ኵለንተናዊ ቅኒት እቲ ህዝባዊ ቃልሲ ፍሉይ እጃም ነይሩዎም። ብኻሊእ ኣገላልፃ፣ ኣንፈት ቃልሲ ብምንፃር፣ ወሰንቲ ተርእዮታትን ስርሒታትን ተጋዳላይ ብምስናድ፣ መሰረታዊ ባህጊ ተቓላሳይ ህዝቢ ብምቅላሕን ብምግዋሕን፣ ከምኡ እውን ኣብ ወድዓዊ ኣገዳስነትን ሕጋዊ ኣግባብነትን ህፁፅ ኣዋጃት ብምትርኣስ ንፅረት ብምፍጣር ጎሊሃ እትልለይ እዋናዊት መፅሄት እያ።

**ትንተና ወድዓዊ መፅሓፍቲ፦**

ኣብ ትግራይ፣ ብፍላይ ቅድሚ እቲ ፖለቲካዊ ኵነት ይትረፍዶ ኣብ ከይዲ እቲ ወድዓዊ ተርእዮስ ዘበናት ምስ ሓለፉ እንተኾነ እውን ብትግርኛ ዝፀሓፉ መፅሓፍቲ ታሪኽ ኣዝዮም ውሑዳት ምንባሮም ይዝከር። ድሕሪ 2010 ዓ.ም. ግና ነቲ፣ <ተጋሩ ታሪኽ ይሰርሑ እንበር ታሪኽ ኣይፅሕፉን> ዝብል ነባርን ሕሱርን ኣበሃህላ ብመሰረታውነት ብዘኽሽፍ መልክዑ ብብዝሓትን ብስፍሓትን እንትፅሓፉ ተራእዮም። ምስዚ ብምትእስሳር፣ ነዞም ዝስዕቡ ከም መርኣያ ምውሳድ ይከኣል፦

**ሀ.** *ለፍንታዊ ወራር* (ዳኒኤል፣ 2014)

**ለ.** *መባእ ትግራይ፡ ታሪኽ ጥንተ-ስልጣነ ተጋሩ* (ኣሸናፊ፣ 2015)

**ሐ.** *ትግራይ፡ ሠረት ሥልጣነ ዋልታ ሃገር* (ክብሮም፣ 2014)

**መ.** *ኣቕመራ* (ማህተም፣ 2015)

**ረ.** *ኢትዮጵያ ገዲፋትና* (ክብሮም፣ 2012)

**ሰ.** *ኣኽሱም ነቢዓ* (ነጋ፣ 2014)

**ሸ.** *ዘይተወለዱ ተጋሩ* (ይርጋ፣ 2013)

**ቀ.** *ዘይዛረ ውርርስ* (መለይ፣ 2015)

**ቐ.** *ጭዓዕ ባሕሪ* (ኣብረሃ፣ 2015)

እቶም ብመንፅር ቅደም-ሰዓብ ግዜ ተሰሪዖም ዝቐረቡ ስራሕቲ፣ ካብቶም ምስቲ ገዛኢ ዛዕባ ብምትእስሳር ብዋናነት ድሕሪ 2010 ዓ.ም. ዝተሓተሙ ብዙሓትን ንዙሓትን መፅሓፍቲ ዝተመዘዙ እዮም። እዚኣቶም፣ ዋላ እኳ ብቅዲ ኣቀራርባን ኣንፈት ኣጠማምታን ዝግለፅ ባህርያዊ ኣፈላላይ ከምዝረኣዮም ዘይከሓድ ሓቂ እንተኾነ፣ ብሓፈሻዊ ትሕዝቶታቶምን መሰረታዊ ዕላማታቶምን ክንድቲ ኣይረሓሓቑን። በዚ መዳይ፣ ነኒ ሕድሕዶም ብፍሉይ ብዝናበቡን ብዝመጋገቡን ተግባራዊ መግለፅታት ዝተሰነዩ እዮም። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ዳርጋ ኩሎም ኣብ ተመሳሳሊ ኣንፈት ትኾረት ብምድሃብ፣ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ንፅረትን ወድዓዊ ንቕሓትን ተደረስቶም ንምብራኽ ብምዕላም ምብርካቶም ኣብ ከይዲ ትንተና ተራእዩ። ብሓፂሩ፣ ሕድሕዶም ንኣመፃፅኣ እቲ ካብ ብገንኡ ሓላፍ ብሄራዊ ፅልኢት ብዘባርዕ ጐስጓሳዊ ሃልኪ ተቓንዩ ብምጅማሩ ብቕፅበት ዝተጐሃሃረ መላእ ተጋሩ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ገፀ-ምድሪ ንምምውሓው ብምንፅፃር ዝተሳወረ ኲናት ብርሰት ዓልየት ብኣግባቡ ብምርዳእ ግቡእ ግብረ-መልሲ ዝሃቡ ምሁራዊ ስራሕቲ ምዃኖም መሰረታዊ ትሕዝቶታቶምን ሓፈሻዊ ዕላማታቶምን ብግልፂ ይሕብሩ። ኣብዚ ብምትርኣስ ብሓደ ገፅ፣ ከም መግለፂ ንቡር ሞያዊ ሓላፍነት ምሁራት ተጋሩ፣ በቲ ካሊእ ድማ ከም ቀንዲ መርኣያ ንጡፍ ህዝባዊ መኸተ መላእ ደቂ ምድረ ትግራይ ዝውሰዱ ታሪኻዊ ትሩፋታት እዮም ብምባል ምድምዳም ይከኣል።

ከምዚኣቶም ዝበሉ ውፅኢታት ሕትመት ብመንፅር ብመሰረታውነት ዝተዋደዱሉ ሳይንሳዊ መኣዝን ብምርኣይ ዝብየንን ዝትንተንን መንነት እውን ኣለዎም። በዚ መዳይ፣ ብዝተፈላለዩ ቅድታት ኣቀራርባ ተሰንዮምን ብብዙሓት ኣንፈታት ኣጠማምታ ተራእዮምን ዝቐረቡ ኲይኖም፣ ብዋናነት ኣብ ሰለስተ ቀንዲ ቀንዲ መልክዓት ብምምርኳስ ይግለፁ። ካብዚኣቶም፣ ኣብ ክሊ እቲ ተተኲሪ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ዓውዲ ዝተፈፀሙ ተግባራዊ ተርእዮታት ከከም ኣመፃፅኦምን ኣፈፃፅመኦምን ንምስናድ ብምዕላሞም ብወድዓዊ ትንተና ተሰንዮም ዝተዋደዱን ዝተወሃሃዱን ስራሕቲ ይርከቡዎም።

እዞም ስራሕቲ ብሓደ ገፅ፣ ንመሰረታዊ መንነት እቲ ንምሉእ ጥፍኣት ትግራይን ብርሰት ተጋሩን ብምህቃን ዝተወለዐ ልፍንታዊ ወራር ብመንፅር ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ነበርቲ፣ ትካላት እምነት፣ መንግስታውን ህዝባውን ትካላት፣ ከምኡ እውን ኣብ ከተማታትን ገፀራትን ትግራይ ዘብፅሖ ኲለንተናዊ ዕንወት ብምርኣይ ኣብ ምትንታን የተኲሩ። ምእንተ እዚ፣ ካብቶም ወታደራት ብልፅግና ምስ ሰራዊት ሻዕብያን ዕጡቓት ኣምሓራን ብምውዳድ ኣብ ልዕሊ ንፁሃት ተጋሩ ዘብፅሕዎም ማእለያ ኣልቦ መስካሕካሕቲ ግፍዕታት፣ ብፍላይ መነወርቲ ፆታዊ ዓመፃት ጎራዙን ኣደታትን፣ ግፍዓዊ መቕተልቲ ኣቦታትን ጅምላዊ መርሸንቲ መንእሰያትን ነቶም ዋና ዋና ብምውሳድ መርትዖታት የቕርቡ። ብኻሊእ ገፅ፣ ምስቲ ህዝባዊ መኸተ ብምትእስሳር ዝተርኣየ መስተንክራዊ ብዝብል ዝተገለፀ ፅንዓት ህዝቢ ትግራይን ጅግንነት ሓይልታት ምክልኻል ትግራይን ብስፍሓት ዝትርኹ ትሕዝቶታት፣–ማህተም (2015)፣ መለይ (2015)፣ ነጋ (2014)፣ ኣብረሃ (2015)፣ ዳኒኤል (2014)፣ ወዘተ.፣–ይርከቡዎም። ኣብዚ እውን ብተመሳሳሊ፣ ነቲ ተርእዮ ኣጒሊሆም ዘርእዩ ፍሉያት ስርሒታትን ውዕሎታትን ብዝርዝር ብምንፃር ታሪኻዊ ባይትኦም የራጒዱ።

ታሪኽ-ድሕረ-ባይታዊ ትንተና ከም ሳይነሳዊ መስርሕ ካብቶም ብፍሉይ ተርእዮም ዝተተንተኑ ብዙሓት ወድዓዊ ስራሕቲ እቶም ገሊኦም ዝግለፁሉ መይላ ትንተና እዩ። ኣብዚ ብምትርኣስ ከምዝተዋደዱን ከምዝተወሃሃዱን ዝተርኣዩ ተተኲርቲ ባእታታት ብዋናነት ንሕሉፋት ታሪኻዊ ተርእዮታትን ማሕበረ-ፖለቲካዊ ፍፃመታትን ተጋሩ ብምኽላስ ንወድዓዊ ንቕሓትን ተግባራዊ ትንሳኤን ብዘለዓዕል መንገዲ ብምብያን ንምትንታን ልዑል ፃዕሪ ይገብሩ። ንኣብነት፡- ኣሸናፊ (2015)፣ ክብሮም (2012፤ 2014)፣ ወዘተ. በዚ መንፅር ዝተወሃሃዱ ስራሕቲ እዮም።

እዚ ከምዚ እናሃለወ፣ ምሉእ ብምሉእ ብኣንፋቲ ስልቲ ትንተና ተቓንዮም ብምግሃዶም [ንኣብነት፣ ይርጋ (2013)]፣ ብፍሉይ ብምርኣይ ዝብየኑን ዝትንተኑን መግለፅታት ይርከቡዎም። እዚ፣ "ዘይተወለዱ ተጋሩ" ብዝብል ኲርኳሪ ኣርእስቲ ተሰንዩ ናብ ኣንበብቲ ዝበፅሐ ወድዓዊ ስራሕ ብዓይነቱ ሳይንሳዊ ልቢ ወለድ ኰይኑ፣ ብፍሉይነት ንኽረኣይ ዘኽእሉዎ ባህረ-ግብርታት ኣለዉዎ። ብሓፂሩ፣ "ዘይተወለዱ ተጋሩ" ንባህርያውን ሰብኣውን መሰረታዊ ፀጋታትን ተጋሩ ምስ ማሕበረ-ታሪኻዊ ሓለፋታት ኣተኣሳሲሩ ዝብይን፣ ነቲ ወድዓዊ ክዉንነት ብመንፅር ኣገዳስነት ልሳነ-ምድራዊ ፖለቲካን ዓለም-ለኻዊ ኵነታትን ብምትንታን መፃኢ ዕድላት ትግራይ ዝእንፍት ስራሕ ብምዃኑ ብፍሉይነት ይረኣይ።

**ትንተና ትሕዝቶታት ስነ ልሳናዊ ሰሌዳ ፡-**

ሰሌዳታት ስነ-ልሳን ካብቶም ስምዒታት፣ ባህግታትን ድልየታትን፣ ወዘተ. ተዘረብቲ ሓደ ቋንቋ ኣብ ኣደባባያት ብግልፂ ዝንፀባረቑሎም ፅሑፋዊ መስርሓት እቶም ቀንዲ እዮም። በዚ መሰረት፣ ምስ ወድዓዊ ፖለቲካዊ ኵነት ብምትእስሳር ዝትንተኑ መሰረታዊ እምነታትን መትከላትን ተጋሩ እንትግለፁሎም ተራእዮም። ኣብዚ መፅናዕቲ፣ ንኸተማ መቐለ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣናእሽተይን ዓበይትን ከተማታት ትግራይ፣ ብዋናነት፡- ኣጉላዕ፣ ሓውዜን፣ ዓዲ ግራትን ዓብዪ ዓድን ዝተርኣዩ መግለፅታት እዚ ዓውዲ ብፍሉይ ትኹረት ተመዚዞም ብስፍሓተ-ዕምቈት ዝተተንተኑ ኰይኖም፣ ምእንተ ምርግጋፅ ምቕሉልነት ተነባብነትን ንፅረት ርድኢትን ብመዳይ ዝርከብሉ ቦታ ኣብ ዝረኣዩ ክልተ መሰረታዊ ጉጅለታት ተዋዲዶም ቀሪቦም ኣለዉ።

## ሀ. ኣብ ውሽጢ ከተማ መቐለ ዝተረኣዩ ትሕዝቶታት ሰሌዳ ስነ-ልሳን፡-

**ሀ1.** መፍረይን መሸጥን ባኒ ምግበይ ሃይለ [መቐለ፣ ሓድነት፣ ቀበሌ 18]

**ሀ2.** ሆቴል ስታሊን [መቐለ፣ ቀዳማይ ወያነ፣ ቀበሌ 14፣ ጥቓ ኣደባባይ ብሄር-ብሄረሰባት]

**ሀ3.** ቤት ስጋ ሜዳ ትግራይ [መቐለ፣ ቀዳማይ ወያነ፣ ቀበሌ 14፣ ጥቓ ኣደባባይ ብሄር-ብሄረሰባት]

**ሀ4.** ኣዮኺ ትግራይ ሬስቶራንት [መቐለ፣ ቀዳማይ ወያነ፣ ቀበሌ 07፣ ጎደና ተጋዳላይ እያሱ በርሀ፣ ጥቓ ነባር መነሃርያ፣ እግሪ ሆቴል መርከብ]

**ሀ5.** ዘ-ትግራይ ፋርማሲ [መቐለ፣ ቀዳማይ ወያነ፣ ቀበሌ 13፣ ጎደና ሰላም፣ ማዕዶ ንማዕዶ ህዝባዊ ቤት መድሓኒት ከነማ]

## ለ. ካብ ከተማ መቐለ ወፃኢ ዝተረኣዩ ትሕዝቶታት ሰሌዳ ስነ-ልሳን፡-

**ለ1.** ሆቴል ዓባይ ትግራይ [ኣጉላዕ፣ መውፅኢ ውቕሮ]

**ለ2.** ሆቴል ትግራይ [ሓውዜን፣ ቀበሌ 02፣ ጥቓ ቤት መዘጋጃ]
**ለ3.** ሆቴል ነፃነት ትግራይ [ሓውዜን፣ ቀበሌ 02፣ ጥቓ ቤት መዘጋጃ]
**ለ4.** ሆቴል ዓባይ ትግራይ [ዓብዪ ዓዲ፣ ቀበሌ 01፣ ማዕዶ ንማዕዶ መነሃርያ]
**ለ5.** ሆቴል ሃገረይ [ዓዲ ግራት፣ ቀበሌ 06፣ ጥቓ መነሃርያ፣ መውፅኢ ዓድዋ]

እዞም ንመቐለ ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኣብ ዝርከቡ ስነ-ልሳናዊ ሰሌዳታት ውልቀ-ትካላት ዝተንፀባረቑ ኣረኣእያታት ንውልቀ-ወነንቶም ጥራይ እንተይኰነ፣ ሓበራዊ ባህጊ ኣብዝሓ ተጋሩ ከምዝውክሉ ኣብ ባህርያዊ መነፀርታን ተግባራዊ ሓተታን ብምትርኣስ ምግላፅን ምርግጋፅን ይከኣል። ብዋናነት፣ ሕቶ ነፃነትን ምስረታ ዓባይ ሃገርን ብግልፂ ብምንፃር ምቕማጦም፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ መብዛሕቲኦም ቅድሚ እቲ ፖለቲካዊ ኵነታት ይፅውዑሎም ንዝነበሩ ምስ ኢትዮጵያ ዘተኣሳስሩ ወይ መንነኛ ዓፅመ-ስያመታት ብምግዳፍ ናብቲ ህሉው ስሞም ዝተሰጋገሩ ናይ ምዃኖም ምሽጥር፣ ኣገዳስነትን ወድዓውነትን እዚ ዛዕባ ኣዘራራቢ ይገብሮ። ንኣብነት፦- ሀ2. <ሆቴል ወዲ ሓንቱ>፣ ለ2.ን ለ4.ን <ሆቴል ኢትዮጵያ>፣ ለ3. <ሆቴል ላሊበላ>፣ ብምባል ይፅውዑ ምንባሮምን ድሕሪ ምውላዕ ኲናት ብርሰት ዓልየት ትግራይ ምቕያሮምን ምስ ወነንቲ እቶም ትካላት ካብ ዝተገበሩ ዘተታት ምርዳእ ተኻኢሉ። ኣብዚ ብምትርኣስ፣ እዞም ወገናት ኣተሓሳስብኦም ንዝካፈል ሰፊሕ ደጋፋይን ተቓላሳይ ሓፋሽን ብምውካል ብሉይ መንነቶም ብመግነዝ ነባር ስሞም ሸብሊሎም ብምቕባር ንወድዓዊ ባህጎም ብዝውክል ሓዱሽ መንፈስ ተሰንዮም ብተግባር ምጉዓዝ ምጅማሮም ምግላፅ ይከኣል።

እቲ ዋና ቊምነገር ምስዚ ብምትእስሳር ከምዝግለፅ ምርኣይ ኣይኸብድን። ንነባር መንነቱ ብምፅላእ ወይ ብምፅልእላእ ሓዱሽ ቅርፅን መግለፅን ከናዲ ዝተገደደ ሰብኣዊ ኣካል ይትረፍዶ ብቐሊሉ ናብቲ ዝፈንፈኖ ሓበራዊ መኣዲ ክትፅንብሮ ብቐሊሉ ክትጥብሮ እውን ኣፀጋሚ እዩ። ዋላ እኳናብ ንቡር ኵነት ክምለስ ፈፂሙ ኣይሕሰብን እንተዘይተብሃለ፣ ኣዝዩ ከቢድ ምዃኑ ግና ኣየከራኽርን። ብዝዓዘዘ መልክዑ ናብቲ ሓንሳብ ዝሃቀኖ መድረኻዊ ዕላማ ንምብፃሕ ይግስግስ እንበር ንድሕሪት ኣይምለስን። እንተንኢሱ መሰረታዊ ባህጉ ካብቲ ህሉው መንነቱ ኣዝዩ ዝተፈለየ ምዃኑ ብባህርያዊ መትከሉ ኣሰንዩ ብምንፅብራቑ ናብ ተግባር ብፍርቂ መንገዲ ከምዝተፀገዐ ይቑፀር። ኣብዚ እምነት ብምትርኣስ፣ ወቕቲ እንትጥዕመሉን እዋን እንትፈቕደሉን ውዙፍ ሕልሙ ብዘይ ውልውል ከምዘተግብር ይእመን።

ብሓፈሻ፣ እቶም ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝተገለፁ ጭቡጣት ተርእዮታት ልበ-ሕልና ኣብዝሓ ትግራዋይ ነታ ዝሓልማ ነፃ ሃገር ሃኒፁ ከምዝወደአ ዝእንፍቱ ተግባራዊ ኣብነታት እዮም። ሕድሕድ ቊስ-ኣካላዊ መንነት ኣብ ባህርያዊ ንፅረት ዝምርኰስ ብምዃኑ፣ ጉዳይ ግዜ እንተዘይኰይኑ እቲ ዝተነፀረ ዓብላላይ ሓበራዊ ባህጊ ልዑል ተኽእሎ ክዉንነት ከምዝህሉዎ ምድምዳም ይከኣል። ዓፅመ-መልእኽቲ እዞም ተተኲርቲ ባእታታት ምስትያታዊ ነፀብራቕ እቶም ንመሰረታዊ ድምፂ ተነሓናሕቲ ውድባት ንምግዋሕ ተወሃሂዶም መድመቕቲ ኣብ ርእሰ-ከተማ ትግራይ ዝርከቡ ህዝባዊ ሰሌዳታት ስነ-ልሳን ተባሂሎም ብብዙሓት ዝእመነሎም፦–[1] "ሃገር ንውንን፤ ቅልፅምና ነሒይል፤ ህልውናና ነውሕስ"፣ [2] "ናፃ ሃገረ ትግራይ፣ ምንጪ ቅርኒ ኣፍሪካ"፣ ወዘተ.፣–ዝብሉ ገስገስቲ

ጭርሖታት ናይ ምኺኑ ምሽጥር፣ ልክዕነት እዚ ርትዓዊ መደምደምታ ውዒሉ ሓዲሩ ሰዓራይ ምኺኑ ይምስክር።

ምስዚ ብምትእስሳር ዝረኣይ ካሊእ ወሳኒ ጉዳይ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ መድረኻት ዝተንፀባረቓ እዋናዊ ድምፂ እዩ። ብሰንኪ ግፍዓዊ ስጉምቲ ልፍንታውያን ወረርቲ [ብዋናነት ዕጡቓት ሓይልታት ኣምሓራን ሰራዊት ሻዕብያን] ከካብ መረበቶም ተሰጒጎም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ትግራይ [ንኣ.፦ መቐለ፣ ማይ ጨው፣ ዓዲ ግራት፣ ዓብዪ ዓዲ፣ ኣኽሱምን እንዳ ስላሰን፣ ወዘተ.] ዘፅለሉ ተመዛበልቲ ምዕራብን ደቡብን ትግራይ ድሕሪ 15 ጉንበት 2015 ዓ. ም. ንዝነበሩ ተኸታተልቲ መዓልታት ዝዘለቑ ሰለማዊ ሰልፍታት ምግባሮም ይዝከር። ኣብቶም ህዝባዊ ምርኢታት ካብ ዝተንፀባረቑ ጭርሖታት፦[1] "ወረርቲ ሓይልታት ካብ ትግራይ ብቕልጡፍ ይውፅኡ"፣ [2] "ናብ መረበትና ብቕልጡፍ ምለሱና"፣ [3] "ህፃናት ትግራይ ንኽመሃሩ ይፈቐደሎም"፣ [4] "ኣብ ልዕሊኣና ዝፍፀም በደል የብቕዕ"፣ ወዘተ. ዝብሉ ይርከቡዎም።

ተመዛበልቲ ትግራይ በቶም ዝተነፀሩ ሓበራዊ ድምፅታት ኣቢሎም ብሓይሊ ዝተመንዝዑ መሰረታዊ ትሕዝቶታቶም ንኽምለሱሎምን ብግፍዒ ዝተረገፁ ሰብኣዊ መሰላቶም ንኽኽበሩሎምን ተደሚፆም። ካብዚ ወፃኢ፣ ዘይምልከቶም ነገር ኣይሓተቱን። ይኹን እንበር፣ ከምቲ ዝተመነዩዎ ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ [እንተነኣሰ ክሳብ ምጥቕላል እዚ መፅናዕታዊ ስራሕ] ኣይረኸቡን። ኣብ ዘይሓጥያቱ መሰረታዊ ትሕዝቶታቱ ምምንዛዑን መሰረታዊ መሰላቱ ምኽልካሉን ከይኣክል ጥርዓኑ ሰማዒ ዝሰኣነ ኣካል ብቐሊሉ ዘይበሊ ቂምን ሕርቅምቅምን ስለዝሰርቕ ደቂሱ ኣይሓድርን። በዚ መሰረት፣ መወዳእትኡ ባዕሉ ንባዕሉ ዘኽብረሉ ነፃ ደንበ እንተይመስረተ ከምዘይተርፍ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ዝመስከሮ ሓቂ እዩ።

### ትንተና ልጣፋት ማሕበራዊ ሚድያ፦

ማሕበራዊ ሚድያ፣ ካብቶም ምስ ወድዓዊ ፖለቲካዊ ኩነት ብምትእስሳር ከም ቀንዲ መቃለሲ መድረኽ ብስፍሓት ዘገልገሉ ፅሑፋዊ መስርሓት ኣብ ቅድሚት ይስራዕ። ተጋሩ ነጠፍትን ኣንቃሕትን በዚ መስርሕ ይውዝዑዎም ዝነበሩ ፅሑፋት ኣዝዮም ብዙሓትን ንዙሓትን ኰይኖም፣ ነቲ ህዝባዊ መኸተ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ኣብ ምፅላው ፍሉይ ጊደ ከምዝነበሮም ይእመን። ኣብዚ ከይዲ፣ ንጡፍ ተሳትፎ ዝነበሮም ኣካላት ኣብ ክልተ ቀንዲ ቀንዲ መደባት ብምኽፋል ምርኣይ ይከኣል፦

**ሀ.** *ብብርኪ ውልቀ-ሰብ፦* ካሳ ሃይለማርያም፣ ሰማይ ግራቱ፣ ባሻ ደስታ፣ ሚኪ ራያ፣ ሰብ ዝሰኣነ ሰብ፣ መዓርግ ኣማረ፣ ዘፀኣት ሴቭ ዓድና፣ ወልደግዮርጊስ ግ. ተኽላይ፣ ገብረክርስቶስ፣ ወዘተ.

**ለ.** *ብብርኪ ትካል፦* ቢቢሲ ትግርኛ፣ ቪኦኤ ትግርኛ፣ ተለቭዥን ድምፂ ወያነ ትግራይ (ድወት)፣ ተለቭዥን ትግራይ፣ ደደቢት ሚድያ፣ ወዘተ. እዮም።

### ተግባራዊ ገምጋም ተተኲርቲ ባእታታት

ምስ ወድዓዊ ፖለቲካዊ ተርእዮ ብምትእስሳር፣ ዳግም ንዝተነቓቕሐ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ ተተርኢሶም ዝተበራኸቱ ፅሑፋዊ ውፅኢታት ብመንፅር ሓለፋታትን ግድፈታትን እንትብየኑን እንትትንተኑን ብኽምዚ ዝስዕብ መንገዲ ክረኣዩ ይኽእሉ፦

**ርኡያት ሓለፋታት፡-**

ተተኰርቲ እዚ መፅናዕቲ፣ ብዋናነት ከም ፀላውነት፣ ነፃነት፣ ንፅረት፣ ዘላቕነት፣ ሓቛፍነት፣ ርዝነት፣ ሓታታይነት፣ ዘቤታውነት፣ ኣንቃሓይነት፣ ወዘተ. ብዝብሉ መሰረታዊ ባህርታት ዝግለፁ ሓለፋታት ከምዝነበሩዎምተራእዮም።

**ሀ.** *ፀላውነት፡-* መብዛሕቲኦም ወድዓዊ ውፅኢታት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ብርኡይ ፖለቲካዊ መንነት ዝተቓነዩ ኰይኖም፣ ኣብ ልዕሊ ተደረስቶም ልዑል ፅልዋ ዘሕድሩ ነይሮም። ብተወሳኺ፣ ቋንቋ ትግርኛ ቀንዲ መሳርሒ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ብምዃን ንኽዘልቕ ዕዙዝ ኣበርክቶ ገይሮም።

**ለ.** *ነፃነት፡-* ወድዓዊ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቅድሚ ሕዚ ዘይተርኣየ ደረት-ኣልቦ ነፃነት ከምዝተንፀባረቖሉ ፍሉይ ተርእዮ ይግለፅ። ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዘይንካእ ዛዕባ ኣይነበረን፣ ክሳብ ሕዚ እውን የለን። ዜናዊ ፀብፃብ፣ ማሕበራዊ ሂስ፣ ሃገራዊ ጉዳይ፣ ፖለቲካዊ ሃልኪ፣ ወታደራዊ ምንቅስቓስ፣ ውልቀ ሓተታትን ርእይቶታትን፣ ወዘተ. ካብ መንጎ ኣብ መረባ እዚ ፅሑፋዊ መስርሕ ብስፍሓትት ተላዒሎም ብነፃነት ይዝተየሎም ዝነበሩ ብዙሓት ዛዕባታት እዮም።

**ሐ.** *ዘላቕነት፡-* ምስ ተተኰርቲ ባእታታት ብምትእስሳር ዝተረኣየ ካሊእ መሰረታዊ መግለፂ ባህሪ ዘላቕነት እዩ። ምእንተ ምንፃር ዝተፈላለዩ ወድዓዊ ዕላማታት ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ምዕዋት ህዝባዊ መኸተ ብትግርኛ ይዝርግሑ ዝነበሩ ፅሑፋት ኣብ ሓደ እዋን ተርእዮም ዝጠፍኡ ኣይነበሩን። የግዳስ፣ ንነዊሕ እዋን ብዘላቕነት ዝቐፀሉ ነይሮም።

**መ.** *ሓቛፋይነት፡-* ወድዓዊ ፅሑፋዊ ውፅኢታት በዚ መንፅር እንትግምገሙ፣ ብዅሎም ለዛታት ትግራይ ዝተፅሓፉ ብምንባሮም ከም ፍሉይ ሓለፋ ይረኣዩ። ምስዚ ብምትእስሳር ብዋናነት፡- (መ1) ጭዓዕ ባሕሪ [ኣብ ሓደ መድብል ብምእኻል ቋንቋን ብለዛ ራያን ዝተፅሓፉ ዝተፈላለዩ ብሉፃት ስራሕቲ ዝሓዘ መፅሓፍ]፣ (መ2) ሚኪ ራያ [ካብቶም ብዅሎም ለዛታት ትግራይ ከም ድላዩ እናገላበጠ ዝፅሕፍ ነጣፊ ማሕበራዊ ሚድያ]፣ (መ3) ሰማይ ግራቱ [መብዛሕቲኡ እዋን ብለዛ ራያ ብዝዝርግሖ ኰርኰርትን ኣንቃሕትን ፅሑፋት ዝልለይ ነጣፊ ማሕበራዊ ሚድያ]፣ ወዘተ. ምጥቃስ ይከኣል።

**ረ.** *ርዝነት፡-* ባህሪ ርዝነት ተተኰርቲ ባእታታት እዚ ዓውዲ ጐሊሆም ዝግለፁሉ ፍሉይ መለለዪኦም እዩ። ኣካል እዚ መፅናዕቲ ዝኾኑን ብስፍሓተ-ዕምቈት ዝተተንተኑን ፅሑፋት ውፅኢታት ብፍላይ ብመንፅር ትሕዝትኦምን ዛዕብኦምን ኣዝዮም ረዘንቲ ምዃኖም ብዝግባእ ተራእዩ።

**ሰ.** *ሓታታይነት፡-* ባህሪ ሓታታይነት፣ ብፍላይ ምስ ፖለቲካዊ ጉዳያትን ዛዕባታትን ብምትእስሳር እንትረኣይ ምስ ወድዓዊ ኵነት ተጐዛጒዙ ብስፍሓት ናብ መስርሕ ዝተኣታተወ ጋሻ ተርእዮ እዩ ምባል ይከኣል። በዚ መንፅር ዝተርኣዩ ተተኰርቲ ባእታታት ኣብ ግዝያዊ ስምዒት ብምትርኣስ ካብ ክልቲኡ ወገን ንሓዲኡ ብዓይነ-ዕሙተይ ዝድግፉን ብቕጥታ ዝፀሓፉን ፅሑፋት የብሎምን እንተዘይተብሃለ እኳ፣ መብዛሕቲኦም ሓተትቲ፣ ኰርኰርትን መጐትትን ምዃኖም ብተግባር ዝረጋገፀ ሓቂ እዩ።

**ሸ.** *ዘቤታውነት፡-* ውፅኢታት ባህላዊ ጥበብን ዘቤታዊ ወግዕታትን ተጋሩ ወለዲ ከም ቀንዲ መወከስን መመርኰስን ፅሑፋቶም ዝጥቀሙ ፀሓፍትን ነጠፍትን ከምዝወሰኹ ምርኣይ ይከኣል። ምስዚ ብምትእስሳር፣ ኣብርሃ ታደሰ ኣብ መፅሓፍ፣ ካሳ ሃይለማርያምን ወለደጊዮርጊስ ግ. ተኽላይን ድማ ካብ ማሕበራዊ ሚድያ ከም ኣብነት ይርቑሑ።

**ቀ.** *ንፀረት፡-* ምስዚ ዛዕባ ብምትእስሳር ዝተርኣዩ ተተኾርቲ ባእታታት ፍሉይ ዝገብሮም ካሊእ መለክዒ ባህሪ ንፀረት እዩ። መብዛሕቲኦም ወድዓዊ ፅሑፋት መትከል ፀሓፍቶምን ተተኮርቶምን ብግልፂ ብምንፃር ዝትንትኑን ዘስተንትኑን ምዃኖም ተራእዮም።

**ቐ.** *ኣንቃሓይነት፡-* ካብቶም ኣብዚ መፅናዕቲ ብፍሉይ ዝተርኣዩ ወድዓዊ ፅሑፋት ሓበሬታ ካብ ምምጋብ ሓሊፎም ከም መንቅሒ ደወል ዘገልግሉ ብዙሓት ኰርኰርትን ኣንቃሕትን ውፅኢታት ይርከቡዎም። ንኣብነት፡- <ቤት ስጋ መድሃኒኣለም>፣ <ቤት መደቀሲ ኣቡነ ኣረጋዊ>፣ ወዘተ. ዝብሉ ኣጠቓቕማታት ብፍሉይ ይዕብልሉዎ ኣብ ዝነበረ ልሳነ-ምድራዊ ዓውዲ ነቲ ወድዓዊ ፖለቲካዊ ኵነት ስዒቡ፣ <እንዳ ባኒ ምግበይ ሃይለ>፣ <ሆቴል ስታሊን> ወዘተ. ዝብሉ ኣገላልፃታት ብቕፅበት ተኣታትዮም ብስፍሓት እንትስፋሕፍሑ ተራእዮም። ከምዚ ዝበለ ኵነት፣ ምእንተ ድሕነት ህዝቦም ንህይወቶም እንተይሰስዑ ዝስውኡ ዘቤታዊ ጀጋኑ ልክዕ ከም ፃድቃናት እናተኸበሩ ክነብሩ ከምዝግባኦም ዘንቅሕ ደወል እዩ።

## ርኡያት ግድፈታት፡-

በዚ መንፀር ዝተርኣዩን ዝተንተኑን ፅሑፋዊ ውፅኢታት፣ ብዋናነት፡- ባህሪ ህፁፅነትን ስምዒታውነትን፣ ብዝርዝር ድማ ብመዳይ ስርዓት-ፅሕፈት፣ ምእኹልነት፣ ምዕሩይነትን ኣግባብነትን ኣጠቓቕማ ቋንቋ ብምርኣይ ዝትንተኑ መሰረታዊ ግድፈታት ይንፀባረቑዎም።

### ሀ. ግድፈት ስርዓተ-ፅሕፈት፡-

ግድፈት ስርዓተ-ፅሕፈት ካብቶም ኣብ ወድዓዊ ፅሑፋዊ ውፅኢታት ትግርኛ ብስፍሓት ዝግለፁ ርኡያት ፀገማት እቲ ቀንዲ እዩ። ብፍላይ ፅሑፋት ማሕበራዊ ሚድያ ነዚ ተርእዮ ኣዝዮም ዝተቓልዑ እዮም። በዚ መንፀር፣ ተለቭዥን ትግራይ ተደጋገምቲ ግድፈታት እንትፍፅም ይረኣይ። ንኣብነት፡-

> **ሀ1.** <መካነ ሰማዕት ቅዱስ **ግወርጊስ** ቤተክርስትያን [...] ኣብ ገዝኣን ተሓቢ**ኤ**ን [...] ናብ ማእኸል ሕ**ኪ**ምና ሃምሊን ብምምፃእ> [ዜና ተለቭዥን ትግራይ፣ ጃንዋሪ 2/ 2023፣ 1፡ 53 ፒ. ኤም.]
>
> **ሀ2.** <እቶም ተመዛቢሎም **[–]** ኣብ ዘካየዱዎ ሰለማዊ ሰልፊ> [ዜና ቴለቭዥን ትግራይ፣ መይ 23/ 2023፣ 12፡ 29 ፒ. ኤም.]፣ ወዘተ. ዝብሉ ኣጠቓቕማታት ከም መርኣያ ምውሰድ ይከኣል።

ከምቲ ብግልፂ ዝረኣይ ዘሎ፣ ግድፈት እቲ ቀደመዋይ ኣብነት ምስ ኣወዳድቓ ፊደላት ዝተኣሳሰረ ብምዃኑ ብቐሊሉ ንምትዕርራይ ኣየፀግምን። ኣንበብቲ ብባዕልቶም እናስተኻኸሉ ከንብቡዎ ስለዝኽእሉ ኣሉታዊ ፅልውኡ ትሑት እዩ። ኣብቲ ካልኣዋይ ዝረኣይ ግና ብምዝላል ወሰንቲ ኣካላት ሓረግ ዝግለፅ መሰረታዊ ስሕተት ብምዃኑ ዝንቡዕ ርድኢት ናይ ምፍጣር ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ።

ድወትን ቢቢሲ ትግርኛን እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ብምርኣይ ዝትንተኑ ተዛመድቲ ስሕተታት እንትፍፀሙ ተራእዮም። ኣብነታት፡-

> **ሀ3.** ተለቭዥን ትግራይ ዲሰምበር 4/ 2022፣ 1፡ 20 ፒ. ኤም. ኣብ ዝወዘዖ ዜና እዞም ዝስዕቡ ግድፈት-ሓዘል ኣገላልፃታት ይርከቡ፡-

**ሀ3ሀ.** "ሰራዊት ትግራይ **ሒዙዎ ካብ ዝፀነሐ ውግእ መስመራት** ለቒቑ ምውፃእ ጀሚሩ ኣሎ" [መሪሕ ዜና]

**ሀ3ለ.** "ሰራዊት ትግራይ ሒ**ዚ**ዎ ካብ ዝፀነ**ሖ**..." [ዓንቀፅ 1፣ መስመር 5]

**ሀ3ሐ.** "ድሕሪ **ኸታም** ስምምዕ ናይሮቢ..." [ዓንቀፅ 2፣ መስመር 1]

**ሀ4.** ብተመሳሳሊ መንገዲ ቢቢሲ ትግርኛ፣ ዲሰምበር 4/ 2022፣ 1፡17 ፒ. ኤም. ኣብ ዘንበቦ ዜናዊ ፀብፃብ ነዞም ዝስዕቡ መሰል መሰረታዊ ግድፈታት ምርኣይ ይከኣል፡-

**ሀ4ሀ.** "ሰራዊት ትግራይ **ካብቲ ሒዙዎ ዝፀነሐ መስመራት ናይ ውግእ** ይወፅእ ምህላዉ ማዕኸናት ዜና እቲ ክልል ኣቃሊሐን"

**ሀ4ለ.** "እቲ ብዝሑ ዘይተገለጸ ሰራዊት **ካብቲ ዝጸነሖ ግንባራት** ደቡብ፣ ማይቅነጣል፡ ዛላምበሳ፡ ነበለት፣ ጨርጨር፣ ኩኩፍቶ፣ ሕጉም ብርዳ፣ በሪ ተኽላይን ኣበርገለን፣ ካብ ትማሊ ጀሚሩ ክወጽእ ከምዝጀመረ'ዩ ተገሊጹ ዘሎ"

እቶም ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት መረዳእታ ዝቐረቡ ተተኰርቲ ባእታታት፣ ብዋናነት ብሰለስተ መልክዓት፣—ስሕተት ኣወዳድቓ ፊደላት [ንኣ.፡- ሀ3ለ. <...ሒ**ዚ**ዎ [...] ዝፀነ**ሖ**...>፣ ሀ3ሐ. <...[?]ኸታም>]፣ ምዝባዕ መስርዕ ሓረጋት [ንኣ.፡- ሀ3ሀ. <ውግእ መስመራት>፣ ሀ4ሀ. <መስመራት ናይ ውግእ>]፣ ዘይምጥዕዓም ግስን ተስሓብን/ዘይምጥዕዓም ቁፅሪ [ንኣ.፡- ሀ4ለ. <...ካብቲ ዝፀነሖ ግንባራት...]፣—ዝግለፁ መሰረታዊ ግድፈታት ስርዓተ-ፅሕፈት ይረኣዩዎም። ብተወሳኺ፣ ብድርብ ግድፈት (ብምዝባዕ መስርዕ ሓረጋትን ዘይምጥዕዓም ቁፅርን (ብቕደም ሰዓብ)) ዝትንተኑ ቅርፅታት ኣለዉዎም። ምስዚ ብምትእስሳር፣ ሀ3ሀ. <...ሒዙዎ ካብ ዝፀነሐ ውግእ መስመራት...>፣ ሀ4ሀ. <...ካብቲ ሒዙዎ ዝፀነሐ መስመራት ናይ ውግእ...> ወዘተ. ዝብሉ፣ ከም ዋና መርኣያታት ምውሳድ ይከኣል።

እቶም ብኸምዚ ዝግለፁ ርኡያት ግድፈታት፣ ልክዕ ከም ባህያቶም ዝተፈላለዩ መበገሲ ምኽንያታት ኣለዉዎም። ኣብ ትሕቲ "ሀ3ለ"፣ "ሀ3ሐ"፣ "ሀ4ሀ"፣ "ሀ4ለ"፣ ዝተነፀሩ ተተኰርቲ ባእታታት ብሰንኪ ዋሕዲ ትኹረትን ድዕሽነትን ፀሓፍቲ ዝተፈጠሩ፣ ብቐሊሉ ክእለዩን ክተዓራረዩን ዝኽእሉ እንትኾኑ፣ ምስ "ሀ3ሀ"ን "ሀ4ሀ"ን ብምትእስሳር ዝተርኣዩ ግናካብ መሰረታዊ ክፍተት ፍልጠት ስዋስው ዝነቕሉ እዮም።

ንኣብነት፡- ብመሰረት ስነ-ሓረጋዊ ሕጊ ቛንቋ ትግርኛ ስማዊ ሓረግ ብዋናነት ብጥምረት መራሕን ተመራሕን [ገላፅን ተገላፅን] ብምባል ዝፍለጡ ስነ-ልሳናዊ ይዋቐር። ስማዊ ሓረግ ብመንፅር ስዋስዋዊ ኣገባብ እዞም ተጣመርቲ [መስረትቲ] ባእታታት እንትረኣይ ብኽልተ መሰረታዊ መልክዓት ተሰንዩ ይግለፅ። ብቕፅላዊ ቅርፂ ተሰንዩ እንትገሃድ ተገላፂ ብየማናይ፣ ገላፂ ብፀጋማይ ሸነኽ ስለዝውዕሉ የማን መረሕ [የማን ጠቀስ] ተባሂሉ ይፅራሕ። ስማዊ ባእታ ከም ገላፂ ተጣማሪ ብምዃን እንትመፅእ ግና መራሕን ተመራሕን [ገላፅን ተገላፅን] ብቦታ ስለዝለዋወጡ ፀጋም መረሕ [ፀጋም ጠቀስ] ብምባል ንኽፅዋዕ ስነ-ሓረጋዊ ሕጊ ቛንቋ ትግርኛ ይእዝዝ። በዚ መሰረት፣ ኣብ ትሕቲ መደዳታት "ሀ3ሀ"ን "ሀ4ሀ"ን ዝተነፀሩ መሰረታዊ ግድፈታት ብሰንኪ ባህርያዊ ፅልዋ እቲ

ቀደመዋይ መነፀርታ ዝተፈጠሩ ብምዃኖም፣ብቕደም ሰዓብ፡- <መስመራት ውግእ>፣ <ናይ ውግእ መስመራት>] ብምባል ይተዓራረዩ።

ግድፈት ስርዓተ-ፅሕፈት ኣብ ዓውዲ ማሕበራዊ ሚድያ (ብፍላይ ኣብ መረበ ምስትያት ፅሕፈት) ጥራይ እንተይኮነ፣ ኣብቶም ካልኦት ተተኰርቲ ውፅኢታት እውን ብስፍሓት ተራእዩ እዩ። ነዚ ኮነት ብጭብጢ መርትዖ ንምድጋፍ ነዞም ዝስዕቡ ካብ መፅሄት *ረመፅ* (ፍሉይ ሕታም፣ ጉንበት 2014 ኣቖፃፀራ ግእዝ) ዝተመዘዙ ኣብነታት ከም (ሀ5) ብምርኣይ ብትኹረት ምምርማር የድልይ፡-

**ሀ5ሀ.** <[...] ሕግታት ህፁፅ እዋን ነቲ ዝገጠመና ወራርን ብርሰት ህዝቢ ትግራይ ንምክልኻል ዝወፁ ብምዃኖም... (ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 5)>፣ <[...] ይጠቅም እዩ ዝበልናዮም ምኽረ-ሓሳብ ኣብ መወዳእታ እዚ ፅሑፍ ኣቐሚጥና ኣለና... (ገፅ 4፣ ዓንቀፅ 1)>፣ <[...] እስቲ ሕዚ ድማ ናብ ባህርያትን ትሕዝቶታትን ሕግታት ንሕለፍ። ሰዓቡና!... (ገፅ 5፣ ዓንቀፅ 4)>፣ ወዘተ.፣

**ሀ5ለ.** <[...] እቲ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን [...] እቲ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን [...] እቲ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን [...] እቲ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ህፁፅ እዋን [...] ኣብ ህፁፅ እዋን [...] ኣብ ህፁፅ እዋን... (ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 2)>፣ ወዘተ.፣

**ሀ5ሐ.** ግዜ ገደብ (ገፅ 3፣ ዓንቀፅ 2) ወዘተ. እዮም።

እቶም ካብ ፍሉይ ሕታም መፅሄት *ረመፅ* ተቐንጭቦም ዝተወሰዱ ዝርዝራዊ ኣብነታት ንዝተፈላለዩ ግድፈታት ስርዓተ-ፅሕፈት ዝተቓለዑ ምዃኖም ምርኣይ ይከኣል። ካብዚኣቶም፡- ወገናውነት ተራኺ [ሀ5ሀ]፣ ዘይምጥዕዓም ቁፅሪ [ሀ5ሀ <ይጠቅም እዩ ዝበልናዮም>]፣ ሓላፍ ድግግም [ሀ5ለ]፣ ምግልባጥ መስርዕ ሓረጋት [ሀ5ሐ]፣ ወዘተ. ይጥቀሱ። እዚኣቶም ገስጋስ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ዝጎስዩን ዝጉሱን ሓደገኛ ግድፈታት እዮም። ብፍላይ ባህሪ ወገናውነት ኣብ መፅናዕታዊ ስራሕ ፈፂሙ ስለዘይፍቀድ ብኣጋ ክእለዩ ይግባእ። ንኣብነት፣ ኣብ ትሕቲ [ሀ5ሀ] ዝተዘርዘሩ ተተኰርቲ ባእታታት፣ <[...] ሕግታት ህፁፅ እዋን ህዝቢ ትግራይ ዝገጠሞ ወራርን ብርሰት ንምክልኻል ዝወፁ ብምዃኖም...>፣ ብዝብል ቅርፂ ተራእዮም እንትመዓራረዩ ባህሪ ዘይወገናውነት ከረጋግፁ ይኽእሉ። ምስ [ሀ5ለ] ብምትእስሳር ዝተረኣየ ግድፈት ነቶም ተመሳሰልትን ተደጋገምትን ኣጠቓቕማታት ብምውጋድ ምእራም የድልይ።

እቶም ብብዝሓትን ብስፍሓትን ዝተርኣዩ ግድፈታት ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ሓላፍ ድግግም ናብ ባህሪ ዝርርብ ዘዘንበለ ብምዃኑ ንፁርነትን ተነባብነትን ሓደ ፅሑፍ ናይ ምህሳይ ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። ሓላፍ ድግግም ኣብ ኩሎም ዓውድታት ተረዳድኦ ፈፂሙ ዘይምከር ዝውቱር፣ እንተኾነ ግና ኣዝዩ ሓደገኛ ግድፈት እዩ። ብፍላይ ኣብ ስርዓተ-ፅሕፈት እንትፍፀም ተራ ስሕተት ካብ ምዃን ዘሊሉ ከም ምልክት ግብዝነት እውን ስለዝውሰድ ብፍሉይ ትኹረት ተራእዩ ክእረም ከምዝግባእ ዝተፈላለዩ ተመራመርቲ ይመኽሩ። ባህሪ ዘይተኣደነ ድግግም ካብ ፅሑፋዊ መስርሕ ንዓቕብ ኣብ ዝርርባዊ ዓውዲ ጎሊሁ ዝረኣይ ዝውቱር ግድፈት እዩ። በዚ መሰረት፣ ጥንቃቐ ኣልቦ ተዛረብቲ ልዕሊ እቶም ጥንቁቓት ነዚ ስሕተት ዝተቓልዑ እዮም (ኣቦት 2007)።

### ለ. ግድፈት ምእኹልነት፡-

ባህሪ ምእኹልነት ብመዳይ ተግባራዊ ኣጠቓቕማ ቋንቋ ዝረኣይ ወሳኒ ባእታ ኰይኑ፣ ብዋናነት ንኣብዝሓ ተዛረብቲ/ኣንበብቲ ብዘረዳድእ ሓቛፋይ መስርሕ ተሰንዩ ይግለፅ። ብምዃኑ እውን፣ ብፍላይ ኣብ መስርሓት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ንምቖፃሮም ዘሰልክዩን ንምጥማሮም ዘፀግሙ ዝሩዋት ኣጠቓቕማታት ብምውጋድ እርኑባት ወከልቲ ባእታታት፣ ኣገላልፃታት፣ ፍትሒታት፣ ወዘተ. ብምትእትታው ምውሓስ ይጠልብ። ብኻሊእ ኣዘራርባ፣ ኣብዝሓ ኣባላት ማሕበረሰብ ቋንቋ ብቐሊሉ ብምልውዋጥ ዝረዳድኡሎም ቁጥባት፣ ምቅሉላት፣ ገለፅትን ሓቈፍትን ስነ-ልሳናዊ ኣጠቓቕማታት ብምምዛዝ ምስፍሕፋሕ የድልይ። በዚ መዳይ፣ ብሳይንሳዊ መይላታት ተሰንዩ ዝግለፅ ሞያዊ ኣበርክቶ (ተግባር ምጥንኻር ፅሑፋዊ ውፅኢታት) ብፍሉይ ዝርቋሕ ርኡይ ፅልዋ ኣለዎ ።

እዋናዊ ፅሑፋዊ ውፅኢታት ትግርኛ በዚ መንፅር ዝግለፅ ርኡይ ክፍተት ከምዘለዎም፣ ብፍላይ ንሓደ ኣምር ብዝተፈላለዩ ኣጠቓቕማታት ናይ ምግላፅ ዝንባለ ብብዝሓትን ብስፍሓትን ከምዝረኣዩዎም ብተግባራዊ ኣብነታት ብምድጋፍ ምርግጋፅ ይከኣል፡-

**ለ1.** <መዕቖቢ ስደተኛታት [መፅለሊ ስደተኛታት]፣ ማእኸል ተመዛበልቲ [ማእኸል ተፈናቐልቲ]>

**ለ2.** **<**ፅንተት ዘርኢ [ፅንተት ዓልየት] ብርሰት ዘርኢ [ብርሰት ዓልየት]>

**ለ3.** <ነፃ ሃገር [ሓራ ሃገር]>

እዚኣቶም ኣብ ኣዝዮም ዝቀራረቡ ኣምራት ዝተብሃሉ ብምዃኖም ብበራሪ ዓይኒ እንትረኣዩ ተመሳሰልቲ፣ እንተነኣሰ ተቐራረብቲ ይመስሉ። ብመዳይ ባህርያዊ መነፀርትኦምን ዓውዳዊ ኣግባብነቶምን እንትትንተኑ ግና ዝተፈላለዩ እዮም። ይኹን እንበር፣ ኣብ ወድዓዊ ፅሑፋዊ ውፅኢታት ብነፃነት እናተተኻኽኡ ብስፍሓት እንትትግበሩ ተራእዮም። ከምዚ ዝበለ ኵነት፣ ንመሰረታዊ መንነቶም ብዝግባእ ብምንፃር ካብ ዘይምርዳእ ጥራይ እንተይኰነ ብሰንኪ ንዓውዳዊ ኣግባብነቶም ብምምርማር ምስ ተግባራዊ ረብሓኦም ዘይምትእስሳር ዝፍጠር መሰረታዊ ፀገም እዩ። ካብ ዓውዳዊ መሰረቱ ብምንፃል ዝረኣይ ባእታ ቋንቋ ልክዕ ካብ ባሕሪ ዝወፅአ ዓሳ ህይወት የብሉን።

ብሓፈሻ፣ ኣብ ሓደ ቋንቋ ንሓደ ኣምር ዝውክሉ ብዙሓት ስነ-ልሳናዊ ባእታታትን ኣገላልፃታትን ክህልዉ ባህርያዊ እዩ። እዚ ማለት ግና ብሃብ ተረኺበ ይትግበሩ ማለት ኣይኰነን። ተግባራዊ ረብሓኦምን ፍትሒቶምን ብመዳይ ዝትግበሩሉ ዓውዳዊ መሰረት ስለዝውሰን፣ ቅድሚ ኣብ ዘዝተረኸበ ተረዳድኣዊ መኣዲ ምሽኩዖምን ብፅሑፋዊ መስርሕ ምዝርግሖምን ንባህርያዊ መነፀርትኦም ምስ ዓውዳዊ ኣግባብነቶም ብምትእስሳር ምምርማር የድልይ።

እቶም ኣብ ላዕሊ ብተተኻኻኣይነት ከምዝትግበሩ ዝተነፀሩ ኣጠቓቕማታት በዚ መንፅር ብምትንታን እንትብየኑ ብቦታ ንዝግለፁ ኣምራት ካብ ምውካል ወፃኢ ብኻሊእ ኣይራኸቡን ምባል ይከኣል። ንኣብነት፡- “መዕቖቢ” ብቐዋምነት ንዘገልግል ሰብኣዊ መስርሕ ዝውክል ባእታ እንትኾን፣ “መፅለሊ” ብግዝያውነት ዝግለፅ ኣምር እዩ። ሓንሳብ መሰል ዕቑባ ዘውሓሰ ውልቀ-ተዓቋቢ ሕግን ስርዓትን ዝተዓቜበሉ ግዝኣት ክሳብ ዘኽበረ እዋን ቀዋሚ ሃገር ከምዘለዎ ይቑፀር። ሓደ ተፈናቓሊ

ግና ናብ መፅለሊ ተመዛበልቲ ስለዝኣተወ ጥራይ ሃገር ኣይውንንን፤ ኮነታት ጥዒምሉ ናብ መረበቱ ክሳብ ዝምለስ ግዝያዊ መፅንሒ እንበር ቀዋሚ ሃገር ኣይህሉዎን።

ምስዚ ብምትእስሳር፡- "መዕቖቢ እንስሳት"፣ "መዕቖቢ ህፃናት"፣ "መዕቖቢ ኣረጋውያን"፣ "መዕቖቢ ዘኻትም"፣ ወዘተ. ዝብሉ ኣብ ተግባራዊ ዓውዲ ዝዝውተሩ ኣገላልፃታት ምህላዎም ምዝኽኻር የድልይ። ናይዚኣቶም ኰለንተናዊ ዕድል ኣብ ሰናይ ፍቓድ መዕቈብቶምን ሓብሒብቶምን ስለዝምርኰሰ ካብኣቶም ወፃኢ ካሊእ መፀግዒ የብሎምን፤ ብሕታዊ ቀዋሚ ሃገሮም እቲ ዝተዓቈቡሉ ኣካል ወይ ትካል እዩ። እዚ፣ ነቲ "'መዕቖቢ' ብቐዋምነት ዘገልግል ሰብኣዊ መስርሕ ዝውክል ባእታ እዩ" ብምባል ንዝተገለፀ ስነ-መጐታዊ እንፈታ ከምዘራጉድ ርትዓዊ ሓተታ ምውሳድ ይከኣል።

ከምዚ ዝበለ ኰነት፣ እቶም ቀፀልቲ ዝውቱራት ኣጠቓቕማታት ምስ ዝብየኑሎም ሓተታታት ብምትእስሳር እውን ምርኣይ ይከኣል። "ስደተኛ" ዶብ-ሰገር [ወሰን-ዘለል] ተመዛባሊ ንምግላፅ ዘገልግል ኣጠቓቕማ እዩ። ኣብ ውሽጢ ዓዱ ዝተፈናቐለ ግና "ተመዛባሊ" እንበር "ስደተኛ" ኣይብሃልን። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዓዲ ጓና ሸቂሉ ንዝነብር ውልቀ-ሰብ ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ መንበሪ ፍቓድ ንዘይረኸበ ርሂፀ-በላዕ "ስደተኛ" ብምባል ናይ ምግላፅ ልሙድ ተርእዮ ምህላዉ ምርዳእ የድልይ። ስለዚ፣ ውሽጠ-ተመዛበልቲ ዘፅለልሉ ቦታ፣ "መዕቖቢ ስደተኛታት" ወይ "መፅለሊ ስደተኛታት" ብዝብሉ ኣጠቓቕማታት ክግለፅፅ ኣግባብነትን ቅቡልነትን የብሉን።

"ማእኸል ተመዛበልት"ን "ማእኸል ተፈናቐልት"ን ምስ ዝብሉ ብተለምዶ እናተተኻኽኡ ብስፍሓት ዝትግበሩ ኣገላልፃታት ተኣሳሲሩ እንረኽቦ ኰነት እውን ካብዚ ኣፍለይን። "ማእኸል" ውልቀ-ሰባት ወይ እውን ጕጅለታት ዝሓለኑዎ ዕላማ ህይወት ንምዕዋት ብዓርሰ ተበግስኦም ንዝውከሱዎ መርከቦ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እንበር ብወድዓዊ ኣገዳድነት ንዝውሰን ኰነት ኣይገልፅን። ኣብ ዓውዳዊ ባይታ ተዛረብቲ ትግርኛ—"ማእኸል ሓበሬታ"፣ "ማእኸል መዘናግዒ"፣ "ማእኸል ምርምር"፣ "ማእኸል ስልጠና"፣ "ማእኸል ታዕሊም"፣ ወዘተ.፣—ብምባል ዝግለፁ ግቡኣትን ቅቡላትን ኣጠቓቕማታት ምህላዎም ልክዕነት እዚ ስነ-መጐታዊ ሓተታ የጕልህ ። "ተፈናቓሊ" ብዝተፈላለዩ ደፋእቲ ምኽንያታት፣ ብዋናነት ወይ ብተፈጥራዊ ወይ ብሰብ ሰራሕ ብዝግለፅ ወድዓዊ ሓደጋ ተገዲዱ ካብ ንቡር መረበቱ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብኣካል ዝተሰደደ ወገን እዩ። "ተመዛባሊ" ዝብል ኣጠቓቕማ ግና ብኣካል ንዝተሰደደ ጥራይ እንተይኰነ ብሰንኪ ኣካላዊ ምፍንቓሉ ኰለንተናዊ ህይወቱ (ማሕበራዊ መስተጋብሩ፣ ስነ-ልቦናዊ መንነቱ፣ ሰብኣዊ ትሕዝትኡ፣ ወዘተ.) ብመሰረታውነት ብምዝብዑ ዝትሓዝ ዝጭበጥ ንዝሰኣነ ወገን ይምልከት። ከምዚ ዝበለ ኰነት፣ "ተመዛባሊ" ካብ "ተፈናቓሊ" ንዓቐብ ዝረዘነን ዝዓሞቐን፣ ከምኡ እውን ነቲ ዝተነፀረ ኣምር ብኣግባቡ ንምግላፅ ዝምረፅ ግቡእ ኣጠቓቕማ ምዃኑ ይሕብር። ብሓፂሩ፣ በቶም ምስሩታት ስነ-ልሳናዊ ባእታታት እናተገለፀ ዝፀነሐ ሰብኣዊ ዛዕባ፣—"መፅለሊ ተመዛበልቲ"—ብዝብል ተወኪሉ እንትቐርብ ባህርያዊ ልክዕነትን ዓውዳዊ ኣግባብነትን ከምዝህሉዎ ምርዳእ የድልይ።

ነዚ ርትዓዊ ሓተታ ኣብ 'ለ3' ንዝሰፈሩ ተተኰርቲ ባእታታት ብተመሳሳሊ መንገዲ ብምትንታን ምጥንኻር ይከኣል። "ነፃ ሃገር" ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ ወራሪ ወይ እውን ሞግዚታዊ መግዛእቲ ድሕሪ ምፅናሕ ነፃነታ ዝኣወጀት ሃገር ንምግላፅ ዘገልግል ኣጠቓቕማ እንትኾን፣ "ሓራ ሃገር" ድማ

ኰለንተናዊ ሓርነት፣ ማለት እውን ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ ሓርነት፣ ወዘተ. ብምእዋጅ ዓርሳ ብዓርሳ ንእትንቀሳቐስ ሃገር ይውክል። በዚ መሰረት፣ እዘም ኣገላለፃታት ተደጋገፍቲ እንበር ተተኻኻእቲ ክኾኑ ኣይኽእሉን።

### ሐ. ግድፈት ምዕሩይነት፡-

ግድፈት ምዕሩይነት ብዋናነት ብስነ-ልሳናዊ ስርዓት ተተኺሪ ቋንቋ ዘይትንተኑ ቅርፅታት ብምጥቃም ይግለፅ። ዋላ ውሱን እንተኾነ፣ ወድዓዊ ፅሑፋዊ ውፅኢታት ትግርኛ ንኽምዚ ዝበለ ግድፈት ዝተቓልዑ ምኺኖም ተራእዮም። ንኣብነት፡- "ዝኾነ" ንዝብል ብምትካእ ተዘውቲሩ ዝትግበር፣ "ዝይኾነ" ዝብል ቅርፂ ከም ናይዚ ዋና መርኣያ ይውሰድ። በዚ ኣጠቓቕማ ብስፍሓት ዝግለፅ ገብረክርስቶስ ገብረስላሴ ዝተብሃለ ነጣፊ ማሕበራዊ ሚድያ ኰይኑ ቍፅሮም ዘይነዓቑ ሰዓብቲ ስለዘለዉዎ፣ ብእዋኑ ኣብ ሳይንሳዊ መኣረምታ ዝትርኣስ ግቡእ ምትዕርራይ እንተዘይተገይሩሉ ስሕተት ብስሕተት እናተባዘሐ መወዳእትኡ ኣዕናዋይ ፅልዋ ከስዕብ ይኽእል።

ከምዚ ዝበለ ኵነት፣ ባእታታት ቋንቋ ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ብቐጥታ ንምስግጋር ኣብ ዝግበር ፈተነ ዝተፈጠረ ስሕተት እዩ። ክልቲኦም ልሳናት ብስጡም ዝተኣሳሰሩ ተነፃፀርቲ ባእታታት እንበር ብኹሉ ነገሮም ሓደ ዓይነት ኣይኰኑን። በዚ መሰረት፣ ኣብ ከይዲ ምውሕሓስን ስግግርን ኣገደስቲ ባእታታት ከምቲ ተመሳሲሉኦም ንኣፈላላያቶም እውን ብትኹረት ምርኣይ የድልይ። እቲ ከምስሕተት ዝተነፀረ ቅርፂ ብመዳይ ግእዛዊ ኣጠቓቕማ እወንታዊ እንትኽውን፣ ኣብ ትግርኛ ግና ብግልባጡ ኣሉታዊ እዩ። /ዘይ/ ኣብ ትግርኛ ዓፅመ ኣሉታ [ምእላድ ኣሉታ] እንበር ምስ ምስረታ እወንታዊ ባእታ ምንም ዓይነት ርክብ የብሉን። ብሓፈሻ፣–/ኢ/ን [ንኣብነት፡- "ኢሕጋዊ"፣ "ኢዲሞክራስያዊ"፣ ወዘተ.]፣ /ዘይ/ን [ንኣብነት፡- "ዘይንቡር"፣ "ዘይከወነ" (ዘይኰነ)]፣ ወዘተ. ዝብሉ ባእታት ካብ ግእዝ ናብ ትግርኛ ዝተሰገሩ ምእላዳት ኣሉታ እዮም።

እዚ ርትዓዊ ሓቂ ብመንፅር ትንተና ስርወ-ቃል ብምቕናይ እንትረኣይ፣ ኣብ ትግርኛ "ከወነ" እንበር "[?] ይኰነ" ዝብል መስራቲ ግስ የለን። ነዚ /ዝ/፣ /ይ/ ዝብሉ ምእላዳት ተዛምዶ [መስረትቲ ተዛመድቲ ስማት]፣ ከምኡ እውን /ዘይ/፣ /ኣይ.....ን/ ዝብሉ ምእላዳት ኣሉታ ብምውሳድ ምርኣይ ዝበለፀ ንፅረትን ርድኢትን ይፈጥር። ናብቲ ቀደማዋይ ግስ፣ /ዝ-/፣ /ይ-/፣ /ኣይ....ን/፣ /ዘይ-/፣ ዝብሉ ቅፅል ባእታታት ብምውሳኽ ዝተፈላለዩ ግቡኣት ኣገላልፃታት [ንኣብነት፡- "ዝኾነ"፣ "ይኸውን"፣ "ኣይኰነን"፣ "ዘይኰነ"፣ ወዘተ.፣ ብቕደም ሰዓብ] ምፍጣር ይከኣል። ኣብቲ ካልእዋይ እንረኽቦም ምስሩታት ቅርፅታት ግና፡- "ዝ-ይኾነ"፣ "ይ-ይኸውን"፣ "ኣይ-ይኰነ-ን"፣ "ዘይ-ይኰነ"፣ ወዘተ. ዝብሉ እዮም። እዚኣቶም፣ ብመሰረት ስነ-ምእላዳዊ ሕጊ ቋንቋ ትግርኛ ምንም ዓይነት ግቡእነትን ቅቡልነትን የብሎምን። ኣብ ቀፃላይ እንትሃልዩ ግና ብሓባር ምርኣዩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

### መ. ግድፈት ኣግባብነት፡-

ግድፈት ኣግባብነት፣ ብሰንኪ ዘይግቡኣት ኣጠቓቕማታት ኣብ ዘይግቡእ ዓውዲ ተረዳድኦ ናይ ምትግባር ዝንባለ ዝፍጠር ተግባራዊ ስሕተት እዩ። ካብቶም ብስፍሓት ዝተርኣዩ ፅሑፋት ሰሌዳታት ስነ-ልሳን እቲ ሓደ፣ <እንኳዕ ናብ ማእኸል ተፈናቐልቲ 70 ካሬ ብድሓን መፃእኹም> ይብል። እዚ ምስ ኣግባብነት ኣጠቓቕማ ብምትእስሳር ዝረኣይ ግድፈት ኰይኑ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይነቅል። ብዋናነት ግና፣ ቋንቋ ምስ ተርእዮታትን ፍፃመታትን፣ ሓሳባትን ስምዒታትን፣ ነገራትን

ኣምራትን ዘለዎ ረቂቕ መስተጋብራዊ ዝምድና ናይ ዘይምርዳእ ክፍተት የርእይ። ከምዚ ዝኣመሰለ ዝንተ-መጕታዊ ሓተታ ንምርዳድ ነዚ ዝስዕብ ጥቕሰ-ውከሳ ምድህሳስ የድልይ፡-

*ቋንቋ፣ መንነት ተርእዮታት ብቐጥታ ዘንፀባርቕ ደረቕ ምስትያት ብዘይምዃኑ ዓለም ከም ፍጥርጥሩ ብምንፃር ከምዘየርእይን ነገራት ከምዘለዉዎ ብምስኣል ከምዘየቕርብን ምርዳእ የድልይ። ዋና ተግባር ዝኾነ ይኹን ቋንቋ፣ ተጠቀምቱ ንመንነት ነገራትን ተርእዮታትን ከከም ኣገዳስነቱ ብምትርጓም ንኽርድኡ ወይ እውን ዓርሳዊ ንፅረትን ርድኢትን ንኽማዕብሉ ዝሕግዝ ዓውዳዊ ኲነት ምፍጣር እዩ። ብሓፂሩ፣ ሓደ ነገር/ተርእዮ ንምብያን እንጥቀመሎም ቃላትን ተዛመድቲ ባእታታት ቋንቋን ንተተኳሪ ባእታ ብኸመይ ከምእንርእዮ ካብ ምእንፋት ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ክውንነቱ እንታይ ዓይነት ግብረ-መልሲ ከምእንወስድ ዝውስኑ ረቀቕትን ዓሞቝትን ሰብኣዊ መስርሓት እዮም (ሉቃስ 1998፣ 265)።*

ነዚ ኣምራዊ መነፀርታ ኣብ ተግባራዊ ትንተና እቲ ቅድም ከም ግድፈት ዝተነፀረ፣ <እንኳዕ ናብ ማእኸል ተፈናቐልቲ 70 ካሬ ብድሓን መፃእኹም>፣ ዝብል ኣጠቓቕማ ብምትርኣስ ብዝበለፀ ምብርህራህ ይከኣል። ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍልጥ፣ መሰል ኣገላልፃታት ዘዘውትር ወገን ነቲ ወድዓዊ ተርእዮ ብተግባር ንምልዋጥ ዝገብሮ ፃዕሪ ክንዲ ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ካብ ኣሉታዊ ነቐፌታ ከምዘይድሕን ምርዳእ የድልይ። ምኽንያቱ ብኣውሩኡ፣–"ግዳያት ካብቲ ዘጓነፎም ሓደጋ ሞት ብዕድል ብምምላጥ ኣብ ማእኸል ተመዛበልቲ ንምዕቛብ ምብቅዖም ናብ ፀጋ ይፅብፀብ"–ንዝብል ዝንቡዕ ኣረዳድኣ ናይ ምቅላዕ ተኽእሉኡ ኣዝዩ ልዑል ብምዃኑ እዩ። ብተወሳኺ፣ ተዛራቢ/ፀሓፊ ግዳያት ዝርከቡሉ ወድዓዊ ኰነት ብዝበለፀ ንምጥጣሕ እንበር ብህፁፅ ናብ መረበቶም ንምምላስ ከምዘይፅዕር ግዲ-ኣልቦ ሰብ ዝሰኣለሉ ግጉይ ዝንባለ ክፈጥር ይኽእል።

ብኣንፃሩ፣ ተመዛበልቲ ኣብ ዘይሓጥያቶም ንዝወረዶም ጉስቁልና ምስጥሖም ብባዕሉ ከቢድ ገበን ምዃኑ ብፅኑዕ ዝኣምን ኣካል ነቲ ዝተነፀረ ስሑት ኣገላልፃ ኣይጥቀምን። ምናልባት ምጥቃም እንተድልዩዎ እውን፣ <ናብ ማእኸል ተመዛበልቲ 70 ካሬ ብምምፃእኹም ነመስግን>፣ <ናብ ግዝያዊ መዕቈቢ ተመዛበልቲ 70 ካሬ ብምምፃእ ንዝገበርኩምና ድጋፍ ውዕለታና ደረት-ኣልቦ እዩ>፣ ወዘተ. ብዝብሉ ሓሳባቱ ብምግላፅ፣ ብዋናነት ውሽጢ-ተመዛበልቲ ብህፁፅ ናብ መረበቶም ዝምለሱሉን ዳግም ዝጠዓጥዑሉን መፍትሒ የናድይ።

## መደምደምታ መፅናዕቲ

ኣብዚ ሓፂር መፅናዕቲ፣ ካብ 2010-2015 ዓ.ም. ንዝተጐሃሃረ ፖለቲካዊ ዕብደት ስዒቡ ኣብ ሓፈሻዊ መንነት ቋንቋ ትግርኛ፣ ብፍላይ ኣብ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ እዚ ዓውዲ ዝተርኣዩ ወድዓዊ መግለፅታት ብኣግባቡ ዝተነፀሩ ኰይኖም፣ ብዝተፈላለዩ ኣንፈታትት ዝብየኑ ዋና ዋና ውፅኢታት ንምርካብ ተኻኢሉ። ብዋናነት፣ ኣብ መብዘሕትኦም ወረርቲ ሓይልታት ብግዝያውነት ዝተቖፃፀሩዎም ግዝኣታት ምንም ዓይነት መንነታዊ ኣሰር ተጋሩ ንኽይረኣዩዎም ኣበርቲዖም ምስራሕ ብምቕፃሎም፣ ቋንቋ ትግርኛ ከቢድ ሓደጋ ጥፍኣት ኣንፀላልዩዎ ከምዝርከብ፣ ብኻሊእ መዳይ፣ ተስፋ ብዝህብ መልክዕ እንትነቓቓሕ [ብፍላይ ብመዳይ ፅሑፋዊ መንነቱ]፣ ምርኣዩ ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ይሕብር።

ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ቋንቋ ትግርኛ፣ ነቲ ዝተነፀረ ፖለቲካዊ ኵነት ብምትርኣስ ብወሳናይነት ብምንቕቓሑ ብዙሓትን ንዙሓትን ፍርያታት እዚ ዓውዲ ብስፍሓት ኣብ ርእሲ ምዝርግሖም ከም ቀንዲ መቃለሲ መስርሕ እንተገልግሉን ኣብ ከይዲ እቲ ህዝባዊ መኸተ ፍሉይ ጊደ እንተበርክቱን ተራእዮም። ብተወሳኺ፣ ኣብ ምስላጥ ዕብየት እቲ ቋንቋ እውንታዊ ኣበርክቶ ከምዝነበሮም ዝተርኣየ ኰይኑ፣ ብባዕልቶም ጥራይ ነዚ ዕላማ ብምሉእነት ንምዕዋት እኹላት ከምዘይነበሩ ተነፂሩ። ብሓፂሩ፣ ዝተፈላለዩ መሰረታዊ ሓለፋታትን ግድፈታትን ከምዝንፀባረቑዎም ኣብ ከይዲ ትንተና ብግልፂ ተሓቢሩ።

ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ከምዝሕብሮ፣ ሓለፋታት ተተኵርቲ ባእታታት ከምዘለዉዎ ኰይኖም፣ ብፍላይ ብመዳይ ኣጠቓቕማ ባእታታት ቋንቋን ስርዓተ-ፅሕፈትን ዝተርኣዩ ሰፋሕቲ ግድፈታት ይንፀባረቑዎም። ካብዚኣቶም፣—ፅንሰ-ሓሳባዊ መነፀርታታት ብዝግባእ ዝሸከሙ ቃላት ንምትእትታው ዘይምትጋህ፣ ንዓውዳዊ ኣግባብነት ስነ-ልሳናዊ ባእታታት ግቡእ ጠመተ ዘይምሃብ፣ ምእኹልን ምዕሩይን ኣጠቓቕማ ንምርግጋፅ ዘይምፅዓር፣ ወዘተ.—ዝብሉ ዝርከብዎም ኰይኖም፣ ብዋናነት ምስ ውፅኢታት ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚድያ ብምትእስሳር ብሰፊሑ ከምዝተገለፁ ተራእዮም።

ብሓፈሻ፣ ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ትግርኛ ካብቲ ብፍሉይ ትኹረት ተራእዩ ዝተፀነፀ ዓንኬል ግዜ ንድሓር ኣብ ኣርባዕቲኦም ኵርናዓት ዓለም ብዝርከቡ ደቂ ምድረ ትግራይ ከም ቀንዲ መሳርሒ ህዝባዊ ቃልሲ ብምኳን ብስፍሓት እናተተግበረ ብምቕፃሉ፣ ብወሳናይነት ምንቕቓሑ ጥራይ እንተይኰነ ብኣድማስ ዝርግሕኡ ኣዝዩ ምስፍሑ ኣብ መሰረታዊ ውፅኢታት እዚ መፅናዕቲ ብምምርኳስ ምድምዳም ይከኣል። እዚ ማለት ግና፣ ብኹለንተናዊ ምሉእነትን ኣግባባዊ ግቡእነትን ይግለፅ ነይሩ ማለት ኣይኰነን። ተግባራዊ ኣጠቓቕምኡ ካብ ዝተፈላለዩ ውሽጣውን ግዳማውን ፅልዋታት ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ድማ ካብ ዝርርባዊ ፅዕንቶ ከምዘይተናገፈ ተራእዩ። በዚ በለ በቲ፣ እቶም ብፍሉይ እንትነቓቕሑን ብስፍሓት እንትዝርግሑን ዝተርኣዩ ፅሑፋዊ ውፅኢታት ካብቶም ቋንቋ ትግርኛ ከም ቋንቋ መሊኡ ጠፊኡ ከምዘይተርፍ ዘረጋገፁ ወሃብቲ ተስፋ ምንቅስቓሳት እቶም ቀንዲ ምኳኖም ምርዳእ የድልይ።

## ለበዋታት

ኣብ መደምደምታ እዚ መፅናዕታዊ ስራሕ ብምትርኣስ፣ ነዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ምእንፋት ይከኣል፡-

**ሀ.** *ስኽነት፡-* ባህሪ ስምዒታውነት፣ ብፍላይ ኣብ ፅሑፋት ማሕበራዊ ሚድያ ይረኣይ። ስለዚ፣ ፅሑፋት እዚ ዓውዲ ቅድሚ ምልጣፎም ግቡእ ግዜ ብምውሳድ ትኵር ዓርሰ ክለሳን ህየሳን ብምግባር ምስዚ ብምትእስሳር ዝረኣዩ ደቀቕቲ ግድፈታት ምትዕርራይ ይከኣል።

**ለ.** *ተኸታተልቲ ሓበራዊ መድረኻት፡-* በቢ እዋኑ ሰብ ሞያ ስነ-ልሳን፣ ፀሓፍቲ ታሪኽ፣ ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ሰብ ሞያ ቅርስን ታሪኽን ዝራኸብሉ ሓበራዊ መድረኽ ብምፍጣር፣ ውፅኢታት ፅሑፋዊ ተረዳድኦ ትግርኛ ብስርዓት ዝግምገሙሉ መስርሕ ምዝርጋሕኣገዳሲ ብምኳኑ ብፍሉይ ትኹረት ክስረሓሉ ይግባእ።

**ሐ.** *ኣፍልጦ፡-* ዝሐሹ ሰነድቲ ታሪኽ፣ ነጠፍቲ ማሕበረሰባዊ ሚድያ፣ ከምኡ እውን ኣብ ተዛመድቲ ዓውድታት ብትግሃት ዝንቀሳቐሱ ግዱሳት ወገናት እናተመረፁ ኣፍልጦ ብምሃብ ንዝበለፀ ህዝባዊ ሓላፍነት ምልዕዓል እወንታዊ ፅልዋ ይህሉዎ።

**መ.** *ጥንቃቐ፡-* ብፍላይ ብብርኪ ትካል ዝዝግሑ ፅሑፋት፣ ኵለንተናዊ ምልኣት ንኸረጋግፁ ልዑል ጥንቃቐ ምግባር የድልይ። ስለዚ፡- ፀሓፍቲ፣ ሃየስቲ፣ ተመራመርቲ፣ ወዘተ. ብሕብረትን ብውህደትን ክሰርሑ ይግባእ።

## ውኩሳት ስራሕቲ


ማህተም ወልደምህረት። (2015 ዓ.ም.)። *ኣቕመራ።* መቐለ፡- ቤት ሕትመት ሕድያት።

መለይ ኣማረ። (2015 ዓ.ም.)። *ዘይዛረ ውርርስ።* መቐለ፡- ስራሕቲ ሕትመት ፍዮሪ ሙሉ።

ኣሸናፊ ገብረስላሴ። (2015 ዓ.ም.)። *መባእ ትግራይ፡ ታሪኽ ጥንተ-ስልጣነ ተጋሩ።* መቐለ፡- ስራሕቲ ሕትመት ኔሊ።

ኣብረሃ ታደሰ። (2015 ዓ.ም.)። *ጭዃዕ ባሕሪ [መድብል ሓፀርቲ ልቢ ወለድ]*። መቐለ፡- ስራሕቲ ሕትመት ቤኪ።

ክብሮም ኀይለ መለኮት። (2012 ዓ.ም.)። *ኢትዮጵያ ገዲፋትና፡ ደቂቀ እስጢፋኖስ።* መቐለ፡- ቤት ሕትመት መብራት።

ክብሮም ኀይለ መለኮት። (2014 ዓ.ም.)። *ትግራይ፡- ሠረት ሥልጣነ፡ ዋልታ ሃገር (2ይ ሕታም)።* መቐለ፡- ቤት ሕትመት መብራት።

ይርጋ ኣብረሃ። (2013 ዓ.ም.)። *ዘይተወለዱ ተጋሩ [ቀዳማይ ሕታም]*።

ገብረኣምላኽ የዕብዮን ገብረኣበዝጊ ወልደስላሰን። (ጉንበት 2014 ኣ.ግ.)። *ሕግታት ህፁፅ እዋን ትግራይ፡ ብውነ እንትምርመሩ።* ካብ መፅሄት "ረመፅ" (ፍሉይ ሕታም)። መቐለ።

Abbott, E.A. (2007). *How to Write Clearly*. [EBook #22600] Release date: Sept. 14, 2007.

Abraham, N. (2016). *The Origin and Development of Tigrinya Language Publications (1886-1991), volume one.* California: Santa Clara University.

Bethlehem, J. (2009). *Applied Survey Methods: A statistical Perspective.* New Jersey: John Wiley & Sons, Inc.

Donscombe, M. (2007). *The Good Research Guide: for Small-Scale Social Projects (3rd ed.).* McGraw-Hill House, Open University Press. England.

Dornyei, Z. (2007). *Research Methods in Appliedlin guistics.* Oxford: Oxford University Press.

Horning, R. et al., (May 28, 2006). *Languages (1st ed.).* In http://en.wikibooks.org/wiki/wikijunior_Languages, the open-content textbooks collection.

Langan, J. (2005). *College Writing Skills (6th ed.).* New York: McGraw-Hill.

Lucas, E. S. (1998). *The Art of Public Speaking (6th ed.).* New York: McGraw-Hill.

Plaut, M., & Sara, V. (2023). *Undestanding Ethiopia's Tigray War.* London: C. Hurst & Co. (Publishers) Ltd.

Ronald, A.B., Elmhorst, M.J., & Lucas, K. (2005). *Communicating at Work: Principles and Practices for Bussiness and Proffessionals (8th ed.).* New York: McGraw-Hill.

Yohannes Abeerra (2023). *Tigray: Analysis of the Genocidal War.* Mekelle.